# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.39 | ረቡዕ 16 ጥቅምቲ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ


ገጽ 2
መቑተልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዘሰከሐን ሃገራት




ገጽ 3
ቀለም እንክመርሕ



ገጽ 4
ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ




ገጽ 5
ነጥበ መቐይሮ



ገጽ 11
ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ምዉቕ ኣቀባብላ ተገይሩላ



## ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ፡ ወግዓዊ ኣቀባብላ ተገይሩላ



ስእሊ. ኣብርሃም በየነ

ኣብ ኬንያ ክካየድ ኣብ ዝቐነየ ውድድራት ሻምፕዮን ኣፍሪቃ - ብክልተኡ ጾታታት ደኾዑ ዓወታት ዘመዝገበት ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ትማሊ ሰሉስ 15 ጥቅምቲ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ናብ ሃገራ ኣብ ዝተመልሰትሉ፡ ህዝባውን ወግዓውን ኣቀባብላ ተገይሩላ።

ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለን ኣካየድቲ ፈደረሽን ብሽክለታ ኤርትራን፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ተረኺቦም፡ ኣኽሊል ዕንባባ ኣበርኪቶምሎም።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ንኣባላት፡ ኣሰልጠንትን ኣካየድትን ናይ'ታ ሃገራዊት ጋንታ ኣብ ዓዲ-ሃሎ ኣብ ዝተቐበሎሉ፡ ቡቲ ዝተመዝገበ ዓወት የሐጉሱ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ኩሉ ዓይነታት ስፖርት ተወዳደርቲ ጥራይ ዘይኮኑ ስፖርተኛታት ስፖርታውያን ብዝበለጸን ዓይነትን ንምፍራይ ብዕቱብ ክሰርሕ ተላቢዩ።

ኣምባሳደር ዘመደ ተኽለ ብወገኑ፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወት ወጽኢት ናይ'ቲ ብህዝብን መንግስትን ክግበር ዝጸንሐ ደገፍን ምትብባዕን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ብዝለዓለ ከምዝቕጽል ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።


ኣሰልጠንትን ተቐዳደምትን ብወገኖም፡ ስለ'ቲ ዝተገብረሎም ደኾዕ ህዝባውን ወግዓውን ኣቀባብላ ብምምስጋን፡ ብህዝብን መንግስትን ብሓፈሻ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ድማ ብፍላይ ዝግበረሎም ደገፍን ምትብባዕን ነቲ ናይ ምስዓር ስነልቦናኦም ተወሳኺ ድርኺ ስለዝኾኖም፡ ኣብ መጻኢ ስም ምስልን ሃገሮም ንምኽባር ዝለዓለ ድልውነት ኣረጋጊጾም።

ብድሕሪዚ፡ ሃገራዊት ጋንታ ብሽክለታ ኤርትራ ኣብ ቀንዲ ጐደናታት ከተማ ኣስመራ ደኾዕ ህዝባዊ ኣቀባብላ ተገይሩላ።

ካብ 9 ክሳብ 13 ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየደ፡ ብምድባት ዝተኻፈለ ናይ ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ውድድራት ዘጠቓልል ሻምፕዮን ኣፍሪቃ 2024፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ብ7 ወርቂ 5 ብሩርን 4 ነሓስን - ብድምር ብ16 ሜዳልያታት ቀዳመይቲ ብምዃን ደሚቓ።

ኣብ'ዚ ውድድር፡ ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ ኣብ ናይ 'ኢሊት' ናይ ጽርግያ ውድድር ንሳልሳይ ተኸታታሊ ዓመት ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ብምዃን ሓድሽ ታሪኽ ሰሪሑ'ዩ።

ኣብ ወርሒ ግንቦት 2024 ብማሕበር ዝወጸ መስርዕ ሃገራውያን ጋንታታት ብሽክለታ ኣፍሪቃ፡ ኤርትራ ብ2,840 ነጥቢ ቀዳመይቲ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ብ1,264 ነጥቢ ካልኣይቲ፡ ሞሪሽ ድማ ብ1,155 ነጥቢ ሳልሰይቲ ተሰሪዐን ደርጋ።




ስእሊ. ኣብርሃም በየነ



ስእሊ. ኣብርሃም በየነ

## ተጋዳላይ ዓንደብርሃን ሃብተጋብር ተሰዊኡ

ኣብ ኩባንያ መሳ ዓሊ. ንህንጻት ኣባይትን ልምዓትን ሓላፊ ጨንፈር ምወፋር ዝነበረ ጉዳም ተጋዳላይ ዓንደብርሃን ሃብተጋብር እያሱ፡ ብ12 ጥቅምቲ ኣብ መበል 71 ዓመት ዕድመኡ ብሓደጋ መኪና ተሰዊኡ።



ኣብ 1974 ናብ መስርዕ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈን ኣብ 1986 ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ዝተጸንበረን ተጋዳላይ ዓንደብርሃን፡ ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ ኣብ ኮሚሽን ህንጻ፡ ድሕሪ ናጽነት ድማ ኣብ ኩባንያ ብድሆ ሓፈሻዊ ህንጻትን ኩባንያ መሳ ዓሊ. ንህንጻት ኣባይትን ልምዓትን፡ ብዝተፈላለየ ጽፍሕታት ንህዝቡን ሃገሩን ብተወፋይነት ዘገልገለ ሓርበኛ እዩ።

ስዉእ ተጋዳላይ ዓንደብርሃን ሃብተጋብር፡ ብዓል ሓዳርን ኣቦ 3 ደቂን እዩ።

ስነስርዓት ቀብሩ ድማ፡ ብ13 ጥቅምቲ ፍርቂ መዓልቲ ኣብ መካነ-መቓብር ሓርበኛታት ኣስመራ ተፈጺሙ።

ኩባንያ መሳ ዓሊ. ንህንጻት ኣባይትን ልምዓትን፡ ብመስዋእቲ ጉዳም ተጋዳላይ ዓንደብርሃን ሃብተጋብር ዝተሰመዖ መሪር ሓዘን እናገለጸ፡ ንስድራቤቱ መቓልስቱን መሳርሕቱን ጽንዓት ይምነ።

# ዓለማዊ ዛዕባ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት

ታደሰ ተኽለ

## መቕተልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዘሰከሐን ሃገራት

ኣብዚ ዘለናዮ ወርሒ ማሰከረም ብምኽንያት ተርእዮታት መቕተልቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ዓለም ብተጣበቕቲ መድረኻት ዝተወደበ ናይ ተቓውሞ ሰልፍታት ክቶየድ ምቕናዩ ማዕከናት ዜና ዓለም ክሕብሩ ቀንዮም ነይሮም። ምቕታል ሰብ ሓደሽ ዘይኮነ ንብር ገበን እዩ ኢልካ ክይሕለፍ እተን ዝቕተላ ኣንስትዮ ብዝባዕታይ ስለ ዝቕተላ ኣብ ጸታ ዘተኩረ ተግባር ብምኳኑ ፍሉይ ይገብሮ።

ብኣንስትዮ ካብ ዝቕተሉ ተባዕትዮ ወይ ብተባዕትዮ ካብ ዝቕተሉ ተባዕትዮ፡ ክዳጸር እንከሎ፡ እተን ብተባዕትዮ ዝቕተላ ደቂ ኣንስትዮ ብዘተዓጸጸፈ መጠን ኣብ ዝጠዙሓሉ ተርእዮ ዝ. ገበን እዚ ክፍጸም ዘገድድ ደራኺ ባህሊ ወይ ማሕበራዊ ኣተሓሳስባ ክህሉ ከምዝኽእል ክግመት ይከኣል።

ካብ ህንዲ ክሳብ ቱርክን ማእከላይ ምብራቕ ክሳብ ኬንያ ኣብዚ ዓመት እዚ ክቃላሕ ዝተሰምዐ ኣብ መቕተልቲ ደቂ ኣንስትዮ ዘተኩረ ገበናት በበይኑ ዝተፈላለየን ጠንቅታትን ባህላዊ ድርኺታትን ኣለዎ። ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ፍታሕ ናይዚ ጸገም ንምፍጣር ካብ ባህላዊ ኣተሓሳስባ ህዝቢ ዝቖለ ጸገማት ክኣሊ ይኽእል ዝበሃል ጻዕርታት



ክቶየድ ትጸቢት ይግበር። እዚ ትጸቢት እዚ ከይተፈጸመ ክተርፍ እንከሎ ድማ ከምቲ ሎሚ ዘሎ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ክረአ ዝጸንሐ ናይ ተቓውሞ ደምጽታት ክሰምዕ ይጀምር።

እዚ ትጸቢታት እዚ ምስ ዘድንጉ ወይ ኣብ ፍጻመ ምስ ዘይበጽሕ ሕርቃን ህዝቢ ገንፊሉ ይወጽእ። ሰልፍታትን ተቓውሞን ከኣ ይረአ። ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ኣብ ኬንያ ክረአ ዝጸንሐ ሰልፍታት ኣብታ ሃገር ብተደጋጋሚ ዝረአን ከም ልሙድ ኩይኑ ዝቕጸለ መቕተልቲ ኣዋልድ ዝቋረጸሉ ስርዓታት ክፍጠር ዝጸውዕ እዩ ነይሩ። ኡጋንዳዊት ኣትሌት ረበካ ቸፕተጊ ናብ ኬንያ ኣብ ዝኸደትሉ ግዜ ኣብዚ ወርሒ እዚ ብዓርካ ዝተቐትለትሉ ኩነታት ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ከምኡ ብስሕለትን ብማሕነቕትን ዝተቐትላ ወሩያት ተቐዳደምቲ ጉያ በዓል ኣጀነስ ትሮፕን ደማሪስ ሙትዋን ክዝክራ ይኽእላ።

ኣሰማዊተን ኣብ ማዕከናት ዜና ወትሩ ዝለዓል ስፖርታውያን ብምንባረን ተረቝሐን ደኣ እምበር፡ ኣቀታትለአን ወጽኢት ኣብታ ሃገር ሰሪቱ ዘሎ ክብሪ ደቂ ኣንስትዮ ዝግህስ እኩብ ባህሊ ምኳኑ ኣይሰሓትን። ኣብ ዝሓለፉ ሸውዓተ ዓመታት ኣብ ኬንያ 500 ደቂ ኣንስትዮ ከም እተቐትላ ጸብጻባት የረድኡ። ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸ ሓበሬታ ዝኣከበ ሓደ ትካል ኣብ 2023 ጥራይ 152 ደቂ ኣንስትዮ ከም ኣተቐትላ ይገልጽ።

መቕተልቲ ናይቲ ዓሚቝ ሰር ዘለዎ ኣብ ባህሊ ዝተሰረተ ጸረ ደቂ ኣንስትዮ ኣመለኻኽታ ብላዕሊ ካብ ዝረኣዩ ምልክታት ሓደ እዩ ክበሃል ይከኣል። ጸረ ደቂ ኣንስትዮ ኣመለኻኽታ ኣብ ኬንያ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ሓያሎ ማሕበረ ሰባት ዓለም እውን ደረአ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ሓምለ ቤት ጽሕፈት ፖሊስ ብሪጣንያ ኣብ ዘውጸኦ ጸብጻብ ካብ 2022 ክሳብ 2023 ኣብ ክልተ ክፍለ ሃገራት ዝተኣከበ ጸብጻብ ኣንጻር ደቂ ኣንስትዮ ዘቕነዐ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን መጠኑ ዝተፈላለየ መጥቃዕቲ ከም እተፈጸመ ምምዝጋቡ የረድእ። ኣብ ስልጣን ደይቡ ዘሎ ሰልፊ ለዮ፡ ሕጊ ብምጥባቕን ኣስተምህሮ ብምስፋሕን እዚ መጠን ገበን ኣብ ዝቕጽላ ዓሰርተ ዓመታት ክጉደለ ተስፋ ሂቡ ኣሎ።

ኣብ ቱርኪ ብተደጋጋሚ ከም እተራእየ ዝንገረሉ መቕተልቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምልእቲ ሃገር ቁጠዐ ከም ዘለዓዓለ ይፍለጥ። ኣብዚ ዘለናዮ ዓመት ጥራይ ኣብ ቱርኪ ኣስታት 300 ደቂ ኣንስትዮ ከም እተቐትላ ጸብጻባት ይሕብሩ። ተቐታሊ ተባዕታይ ይኹን ኣንስታይ ሰብ ምቕታል ኣብ ዝኾነ ሃገር ከም ገበን ዝቖጸር እኳ እንተኾነ፡ ገበናዊ መቕጻዕቲ ክየግዶ ዘይከኣለ መቕተልቲ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ዓቕን ዝሓለፈ ክዛይድ እንከሎ ኣብ ባህሊ ዝተዓቘረ ጠንቂ ከምዘሎ ክፍለጥ ይከኣል።

ኣብ ህንዲ ካብ ሓያሎ ኣዋርሕ ኣትሒዙ ዝቶየድ ዘሎ መላእ ህዝቢ ዝተሓወሶ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ዘበገሶ ኣብ ልዕሊ ኣዋልድ ዝቶየድ ኣብ ማሕበረሰብ ዝተሰረተ በደላት ኣብዚ ምዝርዛር ቦታ ኣይኣክልን።

## ንገበን ዘሳዕርር ሃዋህው ብሕጊ ምጥፋእ ይከኣል

ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሰ ኣብ ካልኦት ሃገራት ዝረአ ዘሎ 'ፈሚሳይድ' ወይ ቅትለት ኣንስተይቲ፡ ከም ተራ ገበንን ኢጋጣምን እንተዘይኮይኑ ኣብ ሃገርና ዘሰክፍ ተርእዮ የብልናን። እቲ ንካልኦት ከም ኣብነት እንኾኖሉን ቅድሚ ካልኦት ዝሰጎምናሉን ነባሪ ክብሪ ጾታዊ ማዕሬት ንመጻኢ መለለዩ ህዝብና ኮይኑ ክቕጽል እዩ።

ኣብ ቱርክ፡ ህንድን ኬንያን ዘሎ ጠንቂ መቕተልቲ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዝተፈላለየ ገዛኢ ምኽንያታት ኣለዎ። ንኹሉ ግና ብጽኑዕ መንግስታዊ ሕጊ እናጉደለ ክኸይድ ምግባር ይከኣል እዩ። ንገበኛ ዘተባብዕ ሃዋህው ብሕጊ ምጥፋእ ብቐዳምነት ክሰርሖ ዘለዎ ፍታሕ እዩ ነይሩ። ብጠበይቱ ባህላዊ ምኽንያታት ተጠቃሚት ማሰላታ ዘይኮኑት ኣፍሪቃዊት ጓል ኣንስተይቲ ሕጊ ደገፍ እናገበረላ ማዕረ እታ ዝቐደመት ክትርከብ ትኽእል እያ።

- ዓይነታት መጥቃዕቲ ካብ ዘቤታዊ ጎነጺ ክሳብ ምጥፋእ ህይወት ዘበጽሑ ጠንቅታት ምእካብን ምጽናዕን
- ኣብ መንጎ ተባዕታይን ኣንስትዮን ዘሎ ናይ ነፍሲ ወከፍ ብዘር ባህላዊ ኣተሓሳስባ ብደቂቕ ምጽናዕን ሕጋዊ ፍታሕ ምቝምን
- ንጓል ኣንስተይቲ ካብ ተባዕታይ ንታሕቲ ዘትሕት ኣተሓሳስባ "ባህሊ" እዩ ተባሂሉ ክሕለፍ ከምዝይብሉን ብሕጊ ክምክት ከም ዝግባእ
- ኣብቲ ጸገም ዘለዎ ማሕበረሰብ ንተባዕትዮን ኣንስትዮን ማዕረ ኣስተምህሮ ምሃብ። ተባዕታይ ክጸውር እቲ ፍጥረታዊ ስህይወት ካብ ጓል ኣንስተይቲ ንላዕሊ ክጉብር ዘኽእል ፍሉይ መሰል ከምዘይብሉ ካብ ንእሰነት ክለማመድ ምግባር፡
- ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ኣድልዎ ዘለዎም ሕጊ እንዳቢታት እንተደሃልዩም ማዕረ መሰል ብዝሃብ ብመንግስታዊ ሕግታት ብዘበምታ ክሰየሩ ምግባር፡
- ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩሉ ምምሕዳራዊ ጉዳያት ዝለዓለ ተሳትፎ ክረኽባ ምትብባዕ
- ጓል ኣንስተይቲ ብእቶት ሓያል እትኾነሉ ናይ ስራሕ ዕድላት ምፍጣርን ቀዳምነት ምሃብን፡ ሰልጠናታት ምስ ተዋህበ ኣብ ተግባር ዘውዕል ጭብጥ ሓገዝ ምቕራብ።
- ኣብ ሓንቲ ሃገር ኣብ ዝርከብ ኩለን ብሄራት ሓደ ዓይነት ባህሊ ስለ ዘየለ፡ ሸትኡ ዝሰሓተ ኣልማማ ኣስተምህሮን ገሰጻስን ኣብ ዓወት ከም ዘየብጽሕ ምፍላጥ፡
- ጸገም ኣሎ ኣብ ዝተባህለ ከባቢ፡ ነቲ ጸገም ዝፈትሕ ብመደብ ዝተታሕዘ ጹዕጹዕን ዘይሕለልን ገሰጻስ ምቕራብ፡
- ንኣደንት ክብሪ ዝሃብ ባህልታት ኣብ ሓያሎ ብሄራት ስለ ዘሎ ብኻልኦት ክልመድ ምትብባዕ፡
- ወፈራ እትውዕልን እተምሽን ጓል ኣንስተይቲ ብዘይስግኣት ንገዛ እትምለሰሉ ናይ ጸጥታን ሰላም ሃዋህው ምፍጣር
- ኣብ ጸላምን ጸቢብቲ ጎደናታትን ድንብያ ብዝዕባ ዘኅይዱ ጉጅለታት ዓዋሉ ካብ ህዝቢ ሓበሬታ ምቕባልን፡
- ዝጠፍኡ ጉጅለታት ዓዋሉ ጸጸኒሖም ስለ ዝስሱ ብዘይሕለል ክትትል ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ዝኹበርዎ መደባት ምውጻእን
- ጓል ኣንስተይቲ ዓንዲ ሕቖ ስድራቤታዊ ፍቕርን ምቕርራብ ቤተሰብን ስለ ዝኾነት ኣብ ማሕበራዊ ናብራ ቅሳነት ዝፈጥረላ ሃዋህው ምጥጣሕ፡
- ጓል ኣንስተይቲ፡ ምስ ዘይፍለጥ ሰብ እትገብሮ ጥቡቕ በይናዊ ርክባት፡ ንህይወታ ሓደገኛ ኣብ ዝኾነ መጻወድያ እኩይ ከውድቓ ይኽእል። ገበኛታት ኣብ ማእከል ሰላማዊ ህዝቢ እዮም ዝመላለሱ።
- ስግኣት የንጸላልዋ ከም ዘሎ ንስድራ ወይ ንፖሊስ ሓበሬታ እንድሕር ሂቡ ዝፈረሓቶ ከይወረደ እንከሎ ቅልጡፍ ሓገዝ ምቕራብ።
- በይል ምስ ተፈጸመላ ቅልጡፍ ፍትሒ ምሃብን ህዝቢ ክሰምዕ ሓበሬታ ምቕላሕን

ኣብ ላዕሊ ዝዘርናዮን ሰለስተ ዝተቐትላ ኬንያውያንን ኡጋንዳዊት ኣትሌታት ብኣዕሩኽተን ኣውዳት እየን ተቐቲለን። ናይ ምቕታል ስጉምቲ ክወስዱ ዝፍረሓም ወይ ከልካሊ ሃገር እንተ ዝህሉ እቲ ስጉምቲ ኣይመወሰድዎን። ካብ ስድራቤተን ብተነጸሎ ዝነብራ እንድሕር ኮይነን እውን ኣብ ግዜ ስግኣት ቅልጡፈን ዝዕቑባሉ ስፍራ ከምዝይብለን እቲ ገበኛ ክርዳእ ይኽእል።

እዚ ገበናት እዚ ኣብተን ማዕበለን ዝበዝሓ ሃገራት ምዕራብ እውን ከም ዝፍጸም ዕሊታዊ ካብ ዝፍኖ ሓበሬታ ምርዳእ ይከኣል። ኣዋልድ ኣብ ድንብያ ሓደገኛታት ከይወድቃ ጥንቃቐታት ክወስዳ ዘኽእል ካብቲ ወትሩ ዝቃላሕ ሓበሬታታት ክለማመዳ ይኽእላ እየን።

ኣብ ርእሲ እዚ እውን 'ኣጥቃዕቲ ደቂ ኣንስትዮ' ከም ዝኾኑ ዝተፈልጡ ማእሰርቲ ወዲኦም ዝወጹ ታሪኽ ገበን ዘለዎም ሰባት፡ ኣመለም ስለ ዘይገድፉ ናብ ማሕበረሰብ ብፍኑው ክሕወሱ ዘይፈቕዳ ሃገራት ኣለዋ። ኣብ ኣእዳዎም ወይ ኣብ ኣእጋሮም ዘለውዎ ስፍራ ንፖሊስ ዝሕብር ኤሌክትሮኒካዊ ኣምባር ክኣስሩ ይግደዱ። እዚ ንኣውዳት ጥራይ ዘይኮነስ ብዘገን ጎነጽን ዘቤታዊ ዕግርግርን ፖሊስ ዝመዝገበን ወድወዶ ኣንስቲ ናይ እቶ እቶ ሰዓት ከየሕልፉ ዝሕብር ኣምባር ክኣስራ ዝግደዳሉ ኩነታት ኣሎ።





ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ

ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት

ፍርቱና ኤፍሬም

ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ

ቍ.ስ.163471-07588045

ምልክታ

ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ዳየሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ቀለም እንክመርሐ



*ጥሪ 2002*

- ሳዋ -

ኣነ ድየ ብርግጽ ዝርሕቕ ዘለኹ ኣይፈልጥን፣ ግን ነዊሕ ኲይኑ ካብ ዘይንቃረብ። ምስ ዳየረይ ዝራኽበሉ እዋን ብዙሕ እናኾነ ኣብ ዝመጽኣሉ ዘሎ ግዜ ግን ንሓይሽ ንቃረብ ኣለና። ዳየሪ ከምዚ መገዲ ኣለዎ ኢለ ሓሲበ ኣይፈልጥን። ነቲ ዘይሓለፈለይ ኲነታት፡ ነቲ መወዳእታ ዝሰኣንኩሉ ሰንፈላል ብሓሳባት ጥራይ ክካወኑለይ ዝኽእሉ ኣይኰኑን። ተዛሪበ ዝነፍሱለይ ኣይኰኑን። ሎሚ "ህ" ኢላ ትሰምዕ እዝኒ ክትርክብ'ውን ጻዕሪ'ዩ። ደቀቕቶም ዓበይቶም ኣብ ዳየረይ ምስፋር ምስ ጀመርኩ ግን ጋዕገልጠም ሓሳባተይ እናተወገኑ መጺኦም። ካብቲ ንቡር ዛዕባታት ወጺአ ምስ ነብሰይ ክቃረብ ዕድል ረኺበ ኣለኹ።

ካብ ብርዐይ ዘሪቑን ኣብዚ ጻዕዳ ገጻት ዝዓልባ ነጥብጣብ ቀለም ተደማሚሩ፡ ናብ ሓደ ክረኣየኒ ዘይጸንሐ ኣንፈት ክመርሓኒ ጀሚሩ ኣሎ። ቀለም እፈስስ፡ ሓሳባት ይስእል። እቲ ስእልታት ከኣ ከም ማይ ጸሎት ንውሽጠይ እሓጽብ። ኲሉ ኣላጊበ እናኽርእዮ ኸኣ ናይ ሓደ ቀስቲ ቅርጺ ኣለዎ። እዚ ቀስቲ ካብ ሃሳስ ብርሃን እናጸልመተ ናይ ዝኸይድ ማዕሙቕ የመልክት።

ኣብ መጀመርታ ምድፋሩ ስኢነ። ዝፈስስ ቀለም፡ ዝስኣል ሓሳባት፡ ውሻጠ ዝሓጽብ መንጫዕጫዕታ ማይ ጸሎት ምስ በዝሓለይ ግን ተስፋ ረኺበ። ንእሸተይ ወግግ ኢሉ ዝተኸፍተ መሲሉኒ። ሓደ ኢለ ክስጉም ጀሚረ። ዘዋሪት እግሪ ሓደው ንድራር ሓደው ንበትሪ ከም ዝበሃል፡ ኣሃዱ ዝበለ ስጉሚ ግን ሓደ ምስጢር ምሂሩኒ መስለኒ።

ሓደ ሓደ ግዜ ማዕዶኻ ዘሎ ቦታ ጸልማት፡ እቲ ንስኻ ዘለኻዮ ኸኣ ብርሃን ኲይኑ ይስመዓካ እዩ። ናብኡ እናቐረብካ ምስ ከድካ እቲ ድሕሬኻ ዘሎ እናጸልመት፡ እቲ ትቐርቦ ዘለኻ ኸኣ እናበርሀ ይኸይድ እዩ። እዚ ስጉሚ ቀድሚ ምጅማረይ ብማዕዶ ዝተራእየኒ ዝጸልመተ ነይሩ። ሓደ ምስ በልኩ ግን እናበርሀ ከይዱ። ምስ በጻሕኩዎ ጽቡቕ ገይሩ ይበርህ፣ ንቕድመይ ከኣ ሃሳስ ባና ሂቡ የሰንየኒ - የተስፍወኒ። ግን ከምቲ ኣብ ጋህዲ ዓለም ዘሎ፡ እቲ ዝነበርኩዎ ቀሉሕ እንክብሎ ኣይጽልምትን እዩ። ከም ሓደ ህያው፡ ከም ሓደ ፍጡር፡ ዝሓስብን ዝርዳእን ኲይኑስ ሓኒኹ ርእሱ ዘድንን ይመስለኒ። ብርሃኑ ግን ፍጹም'ዩ ዘይጎድል። ግና እቲ ዘለኹዎ ዝያዳ የብርሆ። ነቲ ኣብኡ ኲይነ ክርእዮ ዘይከኣልኩ ዙርያኡ ሕጂ ኣማዕድየ ክርእዮ ክኢለ።

እዚ ናይ እግሪ ተኽሊ ስጉሚ ታተ'ዩ። በቲ ጫፍ መራኺ ቀስቲ፡ "ድው ኢላ ዳዕሮ ... ዳው ኢላ ዳዕሮ" ዝብል ብብዙሕ ናይ ድምጺ ሳጹን ዝሓለፈ ዝመስል ዜማ፡ ሕልሚ ኲይኑ ዝምሰለኒ ደሃይ ሰማዕኩ። ህጻን "ደው ኢላ ዳዕሮ..." እንክበሃል ኣፉ ብሓጕስ ከፊቱ፡ በተን ዘይደልደላ ኣብራኹ ሰይሰይ እናበለ'ዩ ንዓወቱ ዝጽንብል። ንኑብሱ ይምጉሳ፣ ይሕበንላ። ኣነ'ውን ከምኡ'የ ገይረ።

## መዝሙር ልበይ



*ረቡዕ፡ 19 ሕዳር 2008*

*11፡00* ድ.ቐ. - ድባርዋ

ልበይ እንታይ ከይትዝምር ኢላ! ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ኪንዮ ሓንቲ መዝሙር ካልእ ዝዝመር የብላን። ንነዊሕ እዋን ዝዘመረታ መዝሙር እያ። ሕጂ ግን ምስቅ'ርቋር ትሕውሰሉ ዘላ ትጥዕመኒ። ወይ ከምኡ ክኸውን ግዲ ደልየዮ። ትምኖ መዝሙር ኣይኰነትን። ወትሩ ኣብ ጸጽባሕ ምስ ጩራ ወጋሕታ፡ ምስ ደወል ቤተ ክርስትያንን ኣዛን እናሰማዕኩዋ መመሊሳ ትሕደስ። ትጥዕም። ትምቅር።

ምቅርቲ! መዝሙር ልበይ እንታይ ምኳና ትጠፍኣኪ ኣይብልን። ምኽንያቱ ልበይ ምሳኺ ኣብኡ ስለ ዘላ። ንሓዋሩ ምሳኺ ክትህሉ'የ ዝደልያ። ወትሩ ብኣኺ ክትዝምር'ዩ ባህታይ። ወትሩ ንስምኪ ክትጽውዕ'ዩ ድልየተይ። ካልእ ህይወታ ኣይኰነን። ንስኻ ዘይትኾነሉ፡ ከም ባህታኻን ደስታኻን ዘይትኾነሉ ሃለዋት ከኣ ኣይተሃሉ! ልበይ ከኣ ከም ባህታኣ ትኾነሉ፡ ብባዕላ ትሕጉሰሉ ሰፈር ምሳኺ ኣሎ። ምሳኺ ትኹን፣ በቃ ሕደግያ።

ምንባርን ህይወትን ይፈላለ ድዩ ኣይፈላለን ኣይፈልጥን። ንሕጂ ግን ምንባር ከም ከይሞትካ ምጽናሕ ወሲደዮ ኣለኹ። ህይወት ከኣ ከም ጸሓይ ኣናደመቕካ፡ ከም ወርሒ እናለዘብካ፡ ከም ከዋኽብቲ እናተሰራሰርካ ምንባር ሓሲበዮ ኣለኹ። ልበይ ከኣ ህይወት እምበር ምንባር ኣየድልያን። ፈራሕ ኣይመተ ተባዕ ኣይመተ ላንጋላንጋ ሞተ ድዩ ዝተባህለ? ልበይ ካብ ላንጋ ላንጋ የድሕና። ተፈጥሮ ኣይኣዘዝ! ምስ ተፈጥሮ ክትገጥም ዝከኣል ኣይመስለንን። ስለ ዘይበጻሕናዮ'ምበር ይከኣል'ውን ይኸውን? ኣይከኣልን'ዩ ዝበሃል የለን፣ መዓልቱ ስለ ዘይኣኸለ'ምበር። ሰብ ብሰማይ-ሰማይ ክኸይድ ዘስሕቕ ሕልሚ ይመስል ነይሩ፣ ግን ንኸዶ ኣለና። ሓደ ዕሩቕ፡ ጥራይ ከብዱ እናሓደረ በረኻ ዝሓደረ ተቓላሲ፡ ካብ ኣፍሪቃ ንዝሓየለ ሰራዊት ስዒሩ ናጽነት ከማጽእ ዘይከኣል ይመስል ነይሩ፣ ግን ዘይከኣል ከም ዘየለ ኣርእዩ። ኣብ ሽዑ መዓልቱ ኣይኣኸለን እምበር ይከኣልሲ ነይሩ'ዩ። ቅጫኻ ካብ ሞጎጎ ከይበሰለትዶ ኣውጺእካ ትብላዕ ኲይና። ንኽበስል ግዜ የድልዮ'ምበር።

ኣጽዋረይ መዝሙረይ እዩ። እቲ ኣብ ልበይ ዘሎ'ወ! እቲ ንልበይ ዘገሻ፡ እቲ ንልበይ ዘወናወና። ቀሪቡ ርሒቑ፡ ሓሲሙ ርህዩ፡ በሪሁ ጸልሚቱ፡ ብሓደ ንሃሉ ንመዓዶ ... ዘንትእለት ዘይትቕየር - እታ መዝሙር ንሳ'ያ፣ ኣፍቅረኪ'የ።

*11 መስከረም 2024*

*04፡18* ቅ.ቐ. - ኣስመራ

ኣውደኣመት ኣመኽኒና ምስ ብጾተይ ኣብ ገለኡ ክንሰስዕ ከድና። ባህ ኢሉኒ ካብ ዘይሰዕሰዕ ነዊሕ ኣለኒ። ስዕስዕ ኣቢለ! ኣርግፍ! ሳዕስዒት ሜላ ፍወሳ'ዩ ብሓቂ። ተዓብዒበ ኣንድየ ነይረ።

ኣብ መድረኽ ሳዕስዒት'የ ነይረ። ልምልም ዝበላ፡ ግን ህጥር ዝበላ ኣእዳው ብድሕረይ መጺኣን ኣዒንተይ ዓመታኒ፣ ካብ ብጾተይ መሲሉ ኣስቂጠ። "መን'የ!?" ንሙዚቃ በሊጹ ድምጺ ጓል ኣብ እዝነይ በጽሐ። ክለልዮ ኣይከኣልኩን። ካብ ብጾተይ ከም ዘይምኳኑ ግን ተረዲኡኒ።

"መን'የ ኣነ?" ደገመት።

"እዋእ! እስከ ተዛረቢ።" ተዛረበት፣ ወይከ።

"እሞ ስሓቕለይ በሊ!" ክርትም ኢላ ሰሓቐትለይ። ልበይ ፈግ በለት። ስማ፡ ስም ኣቦኣ፡ ስም ኣቦሓጎኣ ጸዊዓ ኣዒንተይ ብዕሙተን ተጠውየ ሓቘፍኩዋ። ድሕሪ ዓሰርተ ክልተ ዓመት ካብ ስደት ዝመጽአት ናይ ቀደም ፈታዊተይ!

ሰብ ክምለስ'የ
ደስ ይብለኒ ኣነስ'የ.... ደስ ደስ
ሰብ ክሕጐስ'የ
ደስ ይብለኒ ኣነስ'የ ... ደስ ደስ

ተሓቛቚፍካ ምስዕሳዕ ኲይኑ።

## ማዕዶ ማዕዶ



*26 ታሕሳስ 2013*


*12፡18* ቅ.ቐ. - ጃካራንዳ

ኣብዛ መዝገብ ምሳኺ ጥራይ ከም ዘዕልል ትፈልጢ ኢኺ ሳሪታ። ክንዲ ምንታይ ከም ዘፍቅረኪ ትፈልጢ እንተ ኴንኪ፡ ክንዲ ምንታይ እናፍቐኪ ከም ዘለኹ ክትግምትዮ ቀሊል'ዩ። ኲሉ ግዜ ከም ድላይካ ከም ዘይክወን ኣንዳዕዲዐ እፈልጥ እየ። "ናይ ህይወት ነገር ከምኡ'ዩ፡" እናበልኩ ክንደይ ግዜ'ሞ ዘይመደርኩ። ምምዳር'ኳ ደሓን!? ዕላልና ምስ ህይወት ኣተኣሳሲርና ከነዕልል ባህ ይብለኒ ከም ዝነበረ ትፈልጢ ኢኺ። ህይወት ዝነብራ'ምበር ዝዛረበላ ከም ዘይስኣን ንስኺ ልዕለይ ትፈልጥዮ። ሕጂ እንክሓስቦ ኸኣ ምስ ገለኡ ሽዑ በጨቕ ዝበለኒ ዘረባ ተፋጢጠ ኣለኹ። ከም፡ ዘረባኻ ኣብ ቅድሚኻ ከም ኣምባ ተገቲሩ ምስጋር ክኣብየካ ዝኸፍእ የለን።

ምፍላይኪ ንብዙሕ ነገርኪ ከም ስእሊ እናመላለሰ ይወግኣኒ ከም ዘሎ ክነግረኪ ኣይደልን። ማዕረይ - ኣረ ልዕለይ - ኣክንዲ ክንዳይ ከም ትቕንዘዊ ጽቡቕ ገይረ ስለ ዝፈልጥ። እቲ እናሻዕ ዝመላለስ ዝነበረ ስክፍታ፡ ሕጂ'ውን "እሕሕ!" ይብለኒ'ኳ እንተ ሃለወ ምሳይ ከም ትቕንዘዊ ዘረባ ኣይደለኹሉን። ዲል ምእንታን ከይረክብ ኢለ ኣይኰንኩን፣ ሓቂነቱ ዝያዳ ይረኣየኒ ስለ ዘሎ'የ።


ሳሪታ ቤላ! ነፍሲ-ወከፍ ደቒቕ ንዓኺ ዘናፍቕ ነገር ኣለዋ። ነፍሲወከፍ ዕላል ፍቕሪ፡ ዕላል ናብራ፡ ንዓኺ የዘክረኒ። ዋላ እተን ብድሕሬኺ ዝቐረብኩወን ኣዋልድ ከይተረድኣን ከም ዝናፍቐኪ ይገብራ ኣለዋ። ብፍላይ ኣብ ቅድሚ እቶም ትፈልጥዮም ክልተ ኣዕሩኽተይ። ትም ኢለ ስለ ዘሰደድኩኺ፡ ሰብ ክቒጽሩኒ ኣይከኣሉን። ዳርጋ ማዕረኺ ንኹሉ ኲነታተይ እናፈለጡ፡ ንምኽንያተይ ክቕበሉዎ ኣይከኣሉን። ኣብ ቅድሚኦም ክትዝከሪ ዘይመርጸሉ ግዜ መጺኡ። ንዓኺ ዘዘክር እንተ መጺኡ፡ ስንፍናይ እናተላዕለ ድቃስ ስኢነ። ይገርም'ዩ! እቶም ዝፈትውኺ ኣዕሩኽይ ልዕለይ ሓሚሞም።

ምፍላይኪ ዝሰማዕኩሉ ቀንያት ኣዕሩኽይ ኣብ ጎድነይ እንተ ዘይህልው እንታይ ምገበርኩ ኣይፍልጥን። ሽዑ ዝሰመዓኒ ዝነበረ ትብዓት ረኺበ ዘዘንትወልኪ መዓልቲ ፈጣሪ ይሃበና። ንዓኺ ከዕልለኪ ጥራይ ዘይኰነ ነብሰይ ተመሊሰ ክርእያ ክቐለለይ እደሊ ኣለኹ። ከምቲ ዝመለኽኩዎ ጽውጽዋያት ቍልዕነተይ ሰጋእ ከይበልኩ ከዕልለሉ እደሊ ኣለኹ።



ህይወተይ ከምኡ ገይሩ ምሳኺ ይግዕዝ ኢለ እግምት ኣይነበርኩን። ሽሕ ግዜ ዘፍቀረኪ ይኹን፡ ህይወትካ ዘወስድ ፍቕሪ ክህልወኒ ይኽእል'ዩ ኣይበልኩን። ናብራይ ካብ ኲሉ ዝሕይል ይመስለኒ ነይሩ፣ ግን ዓሸየ'የ። ካባኺ ምፍላይ ክኢለዮ እንተ ኸይደ ዝመጽእ ይምጻእ ከም ዝኽእሎ ፈሊጠ ኣለኹ። በሰላ ምፍላይኪ ውሽጠይ ቀሊዐ ዘርእየኪ መዓልቲ ክምጽኣና እምነ።

## ኣትሃውኸኒ



ጽሙእ ባህገይ፡
ክረዊ ዝፈቱ
በሪሁ ጸልሚቱ
ንስኻ ትጽቢቱ፤
እንተ ወርሐ - ዋላ እንተ ነውሐ
እናፍቐካ'ንድየ ኣነስ ወግሐ ጸብሐ!
ሃንቃ ሃንቃ ስምዒት
ናፍቖት ኲርኲሩ፡
ከየውድቐኒ ፈሪሀ
ንትምክሕተይ ስዒሩ።
ኣብዛ ናተይ...
ናይ ጸወታ ባሕሪ
ዝደመቐት ብጸወታ ፍቕሪ
ኣይትሃውኸኒ ጥራይ...
ንስኻ ኢኻ በኹሪ።

***

ሜሪ ማና /መጋቢት 2007/

# ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ

ብስራት ተማስገን

ባህርያዊ መልክዕ መሬት ብምግራብ እዩ ዝፍጠር፡፡ ምግራብ ንመሬት ይፍውሶን የወቅቦን፡፡ እቲ ብኣግራብ ወቒቡ ዝፍጠር ሰውምድሪ ክትርእዮ ይምስጥ፡፡ ከተጻልለሉ ይዕድም፡፡ ክትዛወረሉ ይስሕብ፡ ድምጺ ዝተፈላለዩ መቓልሕ ትሰምዓሉ፡፡



ንኣእምሮን ኣካልን ዕረፍቲ ይፈጥር፡ የዛንዩ፡፡ ዝተፈላለዩ ንመንፈስ ዘሐድሱ መዛሙር ኣዕዋፍ ትሰምዓሉ፡፡ ስለዚ ከኣ ባህታ ይፈጥር፡ ሰላም የሰልፍ፡፡ ምግራብ ንሓመድ ካብ ምብሕጓግ የድሕኖ፡ ብኸኣ የጉድኣልን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብቐንዱ ሰፈር ዝተፈላለዩ እንስሳታት ስለዝኾኑ ስነሀይወታዊ ብዙሕነት ይዕቅብ፡፡ በዚ ድማ'ዩ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ሕሩም ሕዛእቲ ዝስራሓሉ፡፡ ኣብ ሃገርና'ውን ብዕቱብ ይስራሓሉ እዩ፡፡

ሓደ ካብቲ ኣብ ሃገርና ዘሎ ሕሩም ሕዛእቲ ኣብ መንጉዳ ዝርከብ እዩ፡፡ ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ ኣስታት 30 ዓመት መሊኡ ይርከብ፡፡ ሕሩም ሕዛእቲ ኣብ ሕብረተሰብ ኤርትራ ኣብ ሕጊ እንዳባ ዝተሰረተ እዩ፡፡ እቲ ኣገልግሎቱ'ውን ስነ ፍልጠታዊ ርድኢት ዝበርኦ እዩ፡፡ ኣቶ ረዳእዝጊ ገብረመድህን ንሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ ኣብ ምልማዕ መሬሕ ተራ ዝበርኦምን ዘለዎምን ኣጦን ብዓል ሞያ ሕርሻን እዮም፡፡ ተማኺሮ ኣቶ ረዳእዝጊ ኣብዚ ቦታ እንታይ ይመስል ዝነበረ

ጽሑፋና ዝገልጹ ክኾውን እዩ፡፡

ብመንጉዳ ክትወርድ እንከለኻ፡ ንጸጋማ ዝርከብ ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ ኣብዚ እዋንዚ ዳርጋ ምሉእ ብምሉእ ብኣግራብ ተሸፊኑ ይረአ፡፡ ኣብዚ ጸዕቂ ገረብ ዘለዎ ቦታ ብዝበዝሐ እንስሳ ዘገዳምን ኣዕዋፍን ለመምትን ይርከቡ፡፡ ብሓፈሻ፡ እዚ ቦታ ምቹእ ማሕደሮ ስነ ህይወት ኮይኑ ኣሎ፡፡ ልሙዕ ጫካ ንእንስሳ ዘገዳም ከም መግቢ፡ ቤት፡ ከምኡ'ውን ማይ ዘውሕስ ስፍራ ስለ ዝኾነ እዩ፡፡ እቲ ሓቂ እዚ ካብ ኮነ፡ ምስጢር ሽፉን መሬት እንታይ ኮን ይኸውን ዝብል ሕቶ ክልዓል ናይ ግድን እዩ፡፡

ሕዛእቲ መንጉዳ ኣብ ጸቡቕ ኩነታት ይርከብ ኣሎ፡፡ ናይ ጸቡቕ ብሉጽ ኣብነት ዝኾኑ ወጻኢት ተረኺቡዎ እዩ፡፡ ኣብ ብዙሕ ከባብታት ኤርትራ'ውን ወጻኢት ሕሩም ሕዛእቲ ይጨብጦ ኣሎ፡፡ እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ተበግሶ ድማ፡ ነቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሓደ ዝመጽእ ዝነበረ ገረብ ኤርትራ ኣሰኒኑዎ ኣሎ፡፡ ብፍላይ ነቲ ኣብ ገለ ቦታታት እናባደመ ዝኸይድ ዘሎ መሬት መምከኢ ክኾኖ እዩ፡፡ እቲ ንነውሕ ዝበለ ዓመታት ዝተዓቀበ ኣግራብ፡ ቅድሚ ናጽነት ኣብ ሓጻርን ቅልጥፉን እዋን ደብርሲ ምንባሩ ኣይኮሓደን፡፡ ጠንቂ ናይ'ዚ ተርእዮ ከኣ ፈሓም ንምፍሓም፡ ከምኡ'ውን ንመስርሒ ገዛ ተባሂሉ ኣግራብ ይብርስ ስለ ዝነበረ እዩ፡፡ እቲ ዝዓበየ ጠንቂ ምብራስ ኣግራብ ኤርትራ ግን፡ ስርዓት ደርጊ ንደፋዓትን ካልእን ክበል ብኣልማማ ይቖርጾን የብድሞን ምንባሩ እዩ፡፡ ስለዚ፡ ማስርሕ ግረጠን ዳግመ ግረጠን መተካእታ ዘይብሉ ምርጫ ክኸውን ግድን እዩ፡፡ ንናይ ሎሚ ጥራይ ምሕሳብ ኣኻሊ ኣይኮነን፡፡ እቲ ምንታይ ጸጋሕ'ውን ኣካል ናይ ሎሚ ስለ ዝኾነ፡፡ ኣብ ሎሚ ትብቆል ፈልሲ ገረብ ጸጋሕ ጫካ ኩይና ንክበአ

ሂወትን ትንፋስን ኢያ እትህብ፡፡

ኣብዚ እዋንዚ፡ ኣብቢቦን ኣግራብን ንምዕቃብ ብመንግስቲ ዝወሰድ ዘሎ መደባት ምዕቃብ ማይን ሓመድን ብሓፈሻ፡ ልምዓት ኣከባቢ ከኣ ብፍላይ፡ ኣብ ምዕቃብን ምትካእን መበቆላውያን ኣግራብ ወጽኢታዊ ፍረ ከመዝገበ ትጽቢት ይግበረሉ፡፡ እዚም ብቑጽሪ ብዝሓ ዘለዎም ዓይነት ኣግራብ ኤርትራ ካብቶም ባዕዳውያን ኣግራብ ፍሉይ ዝበለጸም ረቛሒታት ኣሎ፡፡ ንሱ ከኣ፡ መበቆላውያን ኣግራብ ኤርትራ ሰፊሕ ሽፉን መሬት ዝሽፍኑን ጽምኢ ማይ ዝጸወሩን እዮም፡፡ ንኣብነት፡ ከም ብዓል ሰራው፡ ዓሌ፡ ጨዓን ካልኦትን ክጥቀስ ይከኣል፡፡ እዚኣቶም ኣብ ምዕቃብ ትሕተ ባይታዊ ማይ ዓቢ ግደ ኣለዎም፡፡ እቶም ባዕዳውያን ኣግራብ ግን ዘይናቶም ናይ ዓደና ኣግራብ ካብ ኣቃውማ ጀሚርካ ፍሉይ ዝበሉ እዮም፡፡ ነዊሕ ቁመት ዘለዎም ኩይናም፡ ወሓዱ ሽፉን መሬት ይሽፍኑ፡፡

ኈቦታትና ኣብ ምዕቃብ ማይ ዝለዓለ ተራ ስለ ዘለዎም፡ ኣብ ኈቦታት እኹል ምግራብ ምክያድ፡ ከምኡ'ውን ከትርታትን ዛላታትን ምስራሕ ከም ዘድሊ ኣቶ ረዳእዝጊ ገብረመድህን ይገልጹ፡፡ ብኣኡ ገይርካ ከኣ ትሕተ ባይታዊ ማይ ከተሀብትምን ኣግራብ ከተሰስንን ትኽእል፡፡

ገረብ ንዓና ዕንጨይቲ ዘይኮነስ ሂወትና ምዃኑ'ዩ ኣቶ ረዳእዝጊ ዘበርሁ፡፡

ብኣቶ ረዳእዝጊ ዝለምዐ ዘሎ ሕርሻ ማይ ዓህ መቖጻልታ ናይ'ቲ ኣብ ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ ዝቶየድ ዘሎ ንጥፈታት ልምዓት እዩ፡፡ እዚ ከኣ እቲ ካብ መንጉዳ ወሪዱ ሽኮቲ ኣሜን ጉዳፉ ንታሕቲ ገጹ ዝጉዓዝ ውሕጅ መምከኢ ንምግባር እዩ፡፡ ብዓቢኡ ከኣ ዕላማ ሕርሻ ማይ ዓህ፡ ማይን ሓመድን ዓቂብካ፡ ወሓሰ ፍርያምነት ሓመድ ንምርግጋጽ ምዃኑ ድማ ኣቶ ረዳእዝጊ ይገልጹ፡፡

ሕርሻ ማይ ዓህ፡ ብሰለስተ ደረጃታት ኩትሪ ናይ ውሕጅ ዝተሰርሐ እዩ፡፡ እቲ ቀዳማይ ኩትሪ ኑቲ ካብ ኣስታት 7 ኪሎ ሜትር ብናህሪ እናተሓንበበ ዝመጽእ ውሕጅ ዓቒቱ ሓይሉ ብምዝሓሉ፡ ደብዑ ከም ዝተርፍ ዝኑበር እዩ፡፡ እቲ ካልኣይ ድማ፡ ካብቲ ቀዳማይ

ኩትሪ ዘሪቑ ኩሓልፍ ዝፍትን ደብዑ ዝዮዮት እዩ፡፡ እቲ ሳልሳይ ድማ፡ ጽሩይ ማይ ዝኸዝኑ ንዓመት መመላእታ ሕርሻ ዝለምዓሉን እዩ፡፡ ኣቶ ረዳእዝጊ፡ ውሕሉል ምሕደራ ማይን ሓመድን ብዮዮርን ኣቡትን ስለ ዝሰርሐሉ፡ ንሶም ዝጥቀሙሉ ሜላ ኣሰራርሓ ኑዮም ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ ሓረስቶት ሰብ ጀራዲን ዓቢ ጽልዋ ኣሕዲሩሎም ይርከብ፡፡ ሳላ'ዚ ብኣቶ ረዳእዝጊ ዝተኣታተወ ሕርሻዊ ሜላ፡ ኣብ ፍርቂ ዓመት ዝጸኑ ዝበሩ ዒላታት፡ ንዓመት መመላእታ ማይ ክሕዙ ኣኽኢሉዎም ይርከብ፡፡

ዝሰፍሐ መሬት ሕርሻ ማይ ዓህ ደኑት እዩ፡፡ ምኽንያቱ ዝበዝሐ ክፋሉ ብዮግይ መሊኡ ስለዝርከብ፡፡ ስለዚ፡ ኣብ መጻኢ፡ ነቲ ዝኸዘንዎ ማይ ብዮዝቱ መታን ክጥቀሙሉ፡ መሬት ሕርሻኦም ከስፍሑ ምትሕብባር ዝምልከቶ ኣካል ከም ዘድልዮም ይገልጹ፡፡

ቅድሚ ኣቶ ረዳእዝጊ ናብ'ቲ ቦታ ምምጽኦም፡ ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ ተጣሒሱ ነይሩ እዩ፡፡ ኣግራቡ ክስሕወን ሓደ ድሕሪ ሓደ ክጸንቱን ጀሚሮም ነይሮም እዮም፡፡ እዚ ተርእዮ'ዚ እናበኣሰ ኣብ ዝኸደሉ እዋን ከኣ፡ ብመማህራንን ኣቶ ረዳእዝጊን ንመንእሰያት ሸኮትን ከበብኦን ኈስጓሳት ተኻፊዱ እዩ፡፡ እቲ ኈስጓስ ንኣጉዳሰት ምግራብ ዝምልከት ኩይኑ፡ ብዚይም ምቁራጽ ስለ ዝተኻየደ ኣድማዒ ወጽኢት ነይሩዎ፡፡ ኣብ ግዜ ክራማት ብዝካየድ ዝበረ ልምዓታዊ ወፈራታት፡ ኣብ ዓመት ኣስታት 3,000 ፈልስታት እናተተኸሉ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ በጺሑ ኣሎ፡፡

እዚ ሕጂ ጫካ ኮይኑ ዝርከብ ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ፡ ንድሕሪት 12 ዓመት ተመሊስካ ክትዝክሮ ወይ ብስእሊ ተደጊፍካ ምስ እትርእዮ፡ መንጉዳ ካብዩ ናብዩ ዝብል ሕቶ ይምልሰልካ፡፡ ሰራሕ፡ ምስጢር ምፅባለን ዕበዩትን ምዃኑ ክትርዳእ'ውን ትኽእል፡፡

ኣብ ትሕቲ ጽላል ዳዕሮ፡ ኣቦታትና ተዘቲዮም፡ ዋዕላ ገይሮም ሕጊ ነዲፎም፡፡ እቲ ሕጊ ድማ ሕጊ ሕሩም ሕዛእቲን ሕዛእቲ ብዕራይን ካልኦትን እዩ፡፡ እዚ ድማ ገረብ ማዕረ ክንደይ ኣገዳሲ ምዃኑ ዘረድኣና እዩ፡፡ ስለዚ፡ እዚ ንወለዶታት ብታሪኽ እናተሰጋገረ ዝመጽአ ገረብ

ዓድና ኣብ ምዕቃብን ሓደስቲ ኣብ ምግራብን እቲ ጻዕሪ ክቕጸል ኣለዎ፡፡

ኣብ ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዱ ካብ 2008 ክሳብ 2012 ኣብ ዝተገብረ መጽናዕቲ፡ ልዕሊ 177 ዝተፈላለዩ ዓይነታት ገረብ ከም ዘሎን ኣስታት 103 ዓይነት ኣዕዋፍ ከምኡ ከም ዝርከብኣን ተፈሊጡ፡፡ ኣብዚ እዋንዚ ድማ ብዝሓ ኣዕዋፍ እናበርከተን እናበዝሐን ይኸይድ ከም ዘሎ ይፍለጥ፡፡ ካልእ፡ እተን ካብ 3 ክሳብ 6 ዝጽሓ ዝበራ ሰሳ፡ ሎሚ ቁጽረን ናብ 36 ክብ ኢሉ ይርከብ፡፡ ብሕጽር ዝበለ ሕዛእቲ ብዙሕ ረብሓ እዩ ዘለዎ፡፡


ሓደ ካብ ረብሓታት ሕሩም ሕዛእቲ፡ ንተፈጥሮ ዳግማይ ብምሕዳስ ናብ ንቡር ስለ ዝመልሶ እዩ፡፡ ንኣብነት፡ ኑቲ ቅድሚ ሕጂ ዝተቖረጸ ገረብ ክጭብጭብ ዕድል ይህብ፡፡ ኑዮም ብፍረ ዝቖሙ ኣግራብ ድማ ክፈርዩ ይሕግዝ፡፡ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ሕሩም ሕዛእቲ መንጉዳ ቀረብ መግቢ እንስሳታት ከረጋግጽ በቒዑ ኣሎ፡፡ እቲ ሕዛእቲ ክሰዓር እንከሎ፡ ተቖማጦ ሸኮቲ በቲ ዝወሃቦም መምርሒ ተኸቲሎም'ዮም ዝጥቀምሉ፡፡

ኣብ መወዳእታ ኣቶ ረዳእዝጊ፡ ተመሃሮ ሸኮቲ ኩሉ ግዜ ኣብ ትምህርቶም ብዛዕባ ገረብን ምግራብን ከም ዝመሃሩ'ዩ ዝገልጹ፡፡ ኣብ ትምህርቶም ብዛዕባ ገረብ ክፍጥሙ፡ ክዝምሩ ብድራማ መልክዕ ክንኣስኑሱ ዕዮ ይወሃቦም፡፡ እዚ ከኣ ብዛዕባ ገረብን ጥቕሙን ዘያዳ ክግንዘቡን ክሓስቡን ቀሲቦም ከም ዝርከብ ኣቶ ረዳእዝጊ ይገልጹ፡፡

ኑቲ ንሓርሶ ሰቡሕ፡ ኑቲ ዘይንሓርሶ ድማ ልሙዕ ምስ እንቕይሮ፡ ኩሉ መዳያዊ ጸጋቐን ሓያል ማስሕብን ከም ዝኸውን ዘጣትእ ኣይኮነን፡፡ ትዕድልተ ብዙሕ ባህርያዊ ጸጋ ዝኾነት ኤርትራ ድማ፡ ሓፀላይ ንምቕያራ ብዝቶየድ ዘሎ ጻዕሪ፡ ክጸ ምርግጋጽ ውሕስነት ምግቢ፡ ቱሪዝማዊ ማእከል ክትከውን ዝዋግታ ኣይክህሉን እዩ፡፡ እዚ ከኣ ሓላፍነት ናይ ነፍሲ-ወከፍ ዜጋ ዝጠልብ እዩ፡፡

## ሎሚ ኣብ ER-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ስነ ጥበብ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተከኣእንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ገላብ ደሓን |
| 14:30 | ፍረ ጻዕሪ |
| 14:55 | ህርመት |
| 16:25 | ኤረና |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ዘዋሪት ካመራ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ሚእገር |
| 19:45 | ቀስተ-ደሕኑት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሰነዳዊ ፊልም ስነጥንታዊ ቦታታት |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ፍኖተ-ህይወት |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፊልም ማስተማር |



# ጾጋታት ባሕሪ

## ዝለዓለ ፕሮቲን ዘውንኑ ዓሳታት

ፍስሃ ተኽለወይኒ

ስሩዕን መኣዝውን ኣመጋግባ ምምጋብ፡ ጥዑይ ቅዲ ህይወትን ማሰረታውያን ረቛሒታት ኣብ ምውሓስ ጥዕናን ምክልኻል ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማትን እዮም። ስለዚ ካብዚ ብምብጋስ እየም ተመራመርቲ ሱመግቢ፡ ወዲሰብ ወጽኢት ናይ ኣመጋግባኡ ምኻኑ ክዛረቡ ዝሰምዑ። ዓሳ ዝለዓለ ፕሮቲንን ዝተፈላለየ ስብሕን ይርከቦ። እዚ ብፕሮቲን ዝሃብተመ መግቢ ድማ ኣብ ምህናጽን ምጽጋንን ሓያሎትን ዝተዛለዩ ጭዋዳታትን ሓጋዚ እዩ። ስለዚ ዝለዓለ ፕሮቲን ዘለዎ መግቢ ክትምገብ ምስ እትደሊ ምርጫኻ ዓሳ ክኸውን እንክሎ፡ እንታይ ዓይነት ዓሳ ዚያዳ ክትመርጽ ከምእትኽእል ምፍላጥ ድማ ኣገዳሲ እዩ። እዞም ኣብ ታሕቲ ተጠቒሶም ዘርከቡ፡ ኻሲ-ወከፎም ኣብ 100 ግራም ስጋ ዓሳ ዝርከብ ብዚሓ ፕሮቲን ዝርከቦም ኮይኖም፡ ከም ብዝሓ ትሕዝቶኦም ተሰሪዖም ኣለው።

ቱና፡ ጥሉል ወይ ሓደሽ ቱና እቲ ዝለዓለ ትሕዝቶ ፕሮቲን ዘውንን እንስሳ ባሕሪ እዩ። ጥሉል ቱና ዓሳ ኣብ 100 ግራም ክብደት፡ 30.7 ግራም ፕሮቲን ኣለዎ። ቱና ብትሕዝቶ ፕሮቲን ዝለዓለ ኮይኑ፡ ካብ'ቶም ልዑል ፕሮቲን ዘለዎም ዓሳታት ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስርዕ እዩ። ቱና ቀሊኻን ኣንቂጽካን ንመግቢ ክዓሎ ይከኣል። ብዘወሳኺ ብጥረኡ ከም "ሱሺ" ዝተባህለ መግቢ ጃፓናውያን ብምድላው ክትምገቦ ትኽእል።

ዝተዓሸገ ቱና እቲ ዝለጸን ዝጠዓመን ኣብ 100 ግራም 25.5 ግራም ትሕዝቶ ፕሮቲን ዘለዎ እዩ። እዚ ዕሹግ ቱና ኣብ ዋጋ ርትዓዊ፡ ዝወሐ ግዜ ከይተበላሸወ ክጸንሕ ዝኽእልን ብዘተፈላለዩ ኣከሻሽና ከተዳልዎ ስለእትኽእልን ካብ ሓደሽ ወይ ጥሉል ቱና ተመራጺ እዩ። ቱና ጽዑቕ ፕሮቲን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብቪታሚን "ዲ"ን ካልኦት ኣገደስቲ መኣዛታት ከም ፖታስየም፡ ኣይረንን ኣዩዲንን ሃብታም ኮይኑ፡ ኣብ ጥዕናዊ ረብሓ ዒቢ ተራ ኣለዎ።

ኦክቶፐስ፡ ሓደ ካብቶም ኣብ ታሕተዋይ ጸፍሒ ባሕሪ ዝነብር እንስሳታት ባሕሪ እዩ። ካብ ኩሎም ንመግቢ ዝውዕሉ ህይወታውያን ባሕሪ እቲ ዝለዓለ ፕሮቲን ወኒኑ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝርከብ እዩ። ኣብ 100 ግራም ጥሉል ስጋ ኦክቶፐስ፡ መጠን ብዝሒ ፕሮቲን 29.8 ግራም እዩ። ብዘወሳኺ ከም ካልሽየም፡ ማግኒዝየምን ፖታሽየምን ዝኣመሰሉ ማዕድን ዝሃብተመ እዩ። ብሀደኡ ዝተሓተ ስብሒ ኣለዎ። ኣገባብ ኣቀራርባ መግቢ ኦክቶፐስ፡ ካብ ቀሊኻ ክትምገቦ እቲ ዝበለጸ ብዛፉ ወይ ኣፍሊሕካ ተመራጺ ይገብሮ። ኦክቶፐስ ልሙድ ወይ ዘውቱሩ ደኣ ኣይኹን እምበር እቲ ዝመቀረን ዝለዓለ ትሕዝቶ ፕሮቲን ዘርከቦን መግቢ እዩ። ከም ኣማራጺ ተወሲኽቲ መቐረት ክህቡ ዝኽእሉ ቀመማት ብምሕዋስ ጣዕሚ ብምቕያር ከም ልሙድ መግቢ ኮይኑ ከገልግል ይኽእል። ስለዚ ኣብ ሃገራት ኤሲያ እቲ ዝበለጸን ዝለዓለ ትሕዝቶ ፕሮቲን ዘለዎን መግቢ ተባሂሉ ኣብ ቤት መግቢ ከም ዝቐርብ ይንገረሉ።

ኣንቾቪ፡ ኣብ ብዝሕን ትሕዝቶን ፕሮቲን ዝለዓለ እዩ፡ ከምኡ'ውን ብዝተሓተ ዋጋ ኣብ ዕዳጋ ከምዝርከብ ይግለጽ። ዝተዓሸገ ኣንቾቪ፡ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ብዝተሓተ ዋጋ ኣብ ምሻጥ ዝርከብ ዘሎ ፍርያት ባሕሪ እዩ። ኣብ 100 ግራም ስጋ ኣንቾቪ 28.9 ግራም ትሕዝቶ ፕሮቲን ይርከቦ። ስለዚ እዚ ብፕሮቲን ዝሃብተመ መግቢ ብትሕዝቶ ሶድዩምን ኦሜጋ-3 ስብሓዊ ኣሲድን ድማ ዝለዓለ እዩ።

ትሮት፡ ዝመቀረን ብመጠኑ ዝተሓተ ስብሒ ዘለዎን ኣብ መግቢ ዝውዕል ናይ ባሕሪ እንስሳ'ዩ። ከምኡ'ውን 26.6 ግራም ትሕዝቶ ፕሮቲን ይውንን። ጉዳማዊ ትርኢቱ ደስ ዘብል ሕብሪ ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ሩባታትን ዱጋታትን ሰሜን ኣመሪካን ኤውሮጳን ድማ ብብዝሒ ይርከብ። እዚ፡ ካብ መግቢ ባሕሪ ብቪታሚን ቢ3፡ ቢ5፡ ቢ6ን ቢ12 ከምኡ'ውን ምንጪ ማዕድናትን (ፖታሽየም፡ ሰለንዩም፡ ፎስፎረስን ኒያሲን) ኦሜጋ-3 ስብሓዊ ኣሲድን ዝሃብተመ እዩ። ስለዚ ካብ ምእካብ ከበድቲ ሓጻውን ማለት ከም ሜርኩሪን ካልኦትን ዝተሓተ ስለዝኾነ፡ ኣብ ሰሙን ብተደጋጋሚ ክወሰድ ዝኽእል ዓይነት ጸጋታት ባሕሪ እዩ። ብትሑት ስብሒ ዝፍለጥ ትሮት ዓሳ ኣብ መኣዲ ብቕልጡፍ ብትክክል ኣገባብ ተሰሪሑ ክቐርብ ይከኣል።

ሰናፐር፡ ብሀዛዊ ኣጸዋውዓ ሃገርና "ቦሃር" ተባሂሉ ዝጽዋዕ ኮይኑ፡ ኣብ ዕዳጋ ብመጠኑ ልዕል ዝበለ ዋጋ ኣለዎም። ብዙሓት ኣገደስቲ መኣዛዊ ትሕዝቶ ዘጠቓለለ እዩ። 26.3 ግራም ትሕዝቶ ፕሮቲን ኣብ 100 ግራም፡ ቪታሚን 'ኤ'፡ ሰለንዩም፡ ፖታሽየምን ኦሜጋ-3 ፋቲይ ኣሲድን ዝሃብተመ እዩ። ብስጋ ሰናፐር ዝተዳለወ መግቢ ምስእንምገብ፡ ንስርዓተ ምክልኻል ሕማም ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ብዘወሳኺ ካብ ሕማም ዓይኒ (ጋህሚ) ክከላኸል ይኽእል። ሰናፐር ዝተፈላለየ ኣከሻሽና ብምጥቃም ንመግቢ ክዓሎ ይከኣል። ንኣብነት ብትኪ፡ ማሪድ ማለት ስጋ ዓሳ መቐረት ንክወሰኽ ብዘይትን ቀመማትን ኣብ ፈሳሲ ኣቐዲምካ ኣሊኽካ ምጽናሕ፡ ምጽላውን ምጥባስን ኣገባባት ብምኽታል ዘለዎ ሃብታም ትሕዝቶ ፕሮቲን ክንጥቀመሉ ንኽእል።

ቲላፒያ፡ ብትሕዝቶ ፕሮቲን መበል ሻድሻይ ደረጃ ተሰሪዑ ዝርከብ ናይ ጥዑም ማይ ዓሳ እዩ። 26.2 ግራም ፕሮቲንን ዝለዓለ ቪታሚን ቢ12ን ኦሜጋ-3 ፋቲይ ኣሲድን ከምዘለዎ ይፍለጥ። ብርትዓዊ ዋጋ ክርከብ ስለዝኽእል ንትሕዝቶ መግቢ ከሀብትም ድማ ይኽእል። ቲላፒያ ብትሕዝቶ ኦሜጋ-6 ፋቲይ ኣሲድ ሃብታም ስለዝኾነ፡ ነድሪ ሰውነት የቀላጥፍ ተባሂሉ፡ ብሰብ ሞያ ጥዕና ስለዝንገረሉ፡ ኣብ ሰሙን ካብ 2-3 ግዜ ጥራይ ክንምገቦ ከምዝለና ይሕበር። ምኽንያቱ እዚ ኣሉታዊ ሳዕቤን ፋቲይ ኣሲድ ንምውጋድ፡ ወኒንዎ ዘሎ ትሕዝቶ ፕሮቲንን ኑትሪሻትን ብግቡእ ንምጥቃም እዩ። ሓደ ሓደ ግዜ ቲላፒያ ምስ ናይ ካልኦት ዓሳታት ከተወዳድሮም እንከለኻ ጭዛ ወይ ጣዕሚ ዘይብሉም ስለዝኾኑ፡ ቀመማት ወሲኽካ ሱሓቢ ከምዝኾውን ጌርካ ብምኽሻን ክትምገቦም ይከኣል እዩ።


ግሩፐር፡ ካብቶም ብጣዕሚ መቐረት ዝፍለጥ፡ 24.8 ግራም ትሕዝቶ ፕሮቲን ዝርከቦ ካብ ዕንቦብ ባሕሪ ዓይነት ዓሳ እዩ። ግሩፐር ብሀዛዊ ኣጸዋውዓ ሃገርና "ኩሸር" ወይ "ቸርኒያ" ተባሂሉ ይጸዋዕ። ፖታሽየም፡ ሰለንዩም፡ ፎስፎረስ፡ ቪታሚን ቢ12ን ቢ6ን ኣዝዩ ሃብታም ዓሳ እዩ። ተጓዳእቲ ሚዛራል ከም ሜርኩሪ ዝኣመሰሉ ናይ ምእካብ ተኽእሎ ስለዘለዎም፡ ኣብ ሰሙን ካብ ክልተ ግዜ ንላዕሊ እንተዘይተመገብናዮም ተመራጺ ከምዝኾነ ክኢላታት ሰብ ሞያ ጥዕና ይሕብሩ።

ጸዕዳ ዓሳ፡ "ጸዕዳ ዓሳ" ዝበሃል ናይ እኩብ ኣጸዋውዓ ዒሌታት ዓሳ ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ጸዕዳ ስጋ ዘለዎም እዮም። ትሑት ስብሒ፡ 24.5 ግራም ፕሮቲንን ብመጠኑ ብርክት ዝበሉ ሰለንዩም፡ ኣዩዲን፡ ቪታሚን ቢ3፡ ቢ6ን፡ ቢ12ን ምንጪ ትሕዝቶ ኣለዎም። ብጸዕዳ ዓሳ ዝተዳለወ መግቢ ምስ እንምገብ ኣካላትና ሕማም ናይ ምክልኻል ዓቕሙ ይሕይል፡ ከምኡ'ውን ካብ ዝተፈላለዩ ሕማማት ከም ወቕዒ ልቢ ክከላኸለልና ይኽእል።


ማክረል፡ "ማክረል" ተባሂሎም ዝጽውዑ ዓይነት ዓሳ ስፓኒሽ ማክረል (ዴራክ) ወይ ኢንድያን ማክረል (ባቓ) እዮም። ኣይረን፡ ኦሜጋ-3 ፋቲይ ኣሲድን ፖታስዩምን ዝለዓለ ትሕዝቶ ኣለዎም። 24.1 ግራም ፕሮቲን ይርከቦ። ብማክረል ዓሳ ዝተዳለወ መግቢ ምስእንምገብ፡ ኣብ ምሕላው ክብደት፡ ስርዓተ ምክልኻል ሕማምን ኣብ ምሕዋይ ዝተዛለየ ጭዋዳ ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ኣገባብ ምኽሻን ብጥሉሉ ብምጽላው ንመግቢ ምድላው ዝበለጸ እዩ።

ሎብስተር፡ ዝበለ ሎብስተር ምስ ስጋ ደርሆ፡ ሓሶማን ስጋ ከብትን ከወዳደር እንክሎ፡ ዝተሓተ ስብሒ፡ ካሎሪን ትሑት ኮለስትሮልን ኣለዎ። ኣብ 100 ግራም ስጋ ሎብስተር 20.3 ግራም ትሕዝቶ ፕሮቲን ይርከቦ። ከም'ቶም ዝተጠቕሱ ዓሳታት ብኦሜጋ-3ን ፋቲይ ኣሲድን ሃብታም እዩ። ቪታሚንን ፎስፎረስን ካብቶም ቀንዲ ትሕዝቶ ሎብስተር እዮም። መግቢ ሎብስተር ንኽትበልዕ ልምዲ ዝሓተት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኽትዕድጎ ብዝሕ ዝበለ ባጀት ይሓትት፡ ከምኡ'ውን ከም ካልኦት ወሓሉዎት ዓሳታት ኣብ ዕዳጋ ዓለም ዋሕዲ ኣለዎም። መስርሕ ኣከሻሽና ሎብስተር ብሃፉን ትኪን ሜላ ተጠቒምካ ከተዳልዎ ዝበለጸ እዩ።

መግቢ ሓደ ካብ መሰረታውያን ነገራት ኣብ መስርሕ ምቕጻል ህይወት ደቂ ሰብ ከም ምኻኑ መጠኑ እቲ እንምገቦ ዓይነት መግቢ ኣብ ህይወትና ዒቢ ተራ ኣለዎ። ኣብ እንምገቦም መግቢ ትሑት ስብሒ፡ ሃብታም ፕሮቲን ዘጠቓለለ መግቢ ምስእንምገብ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሮም ዘለው ጥዕናዊ ረብሓታት ክርከብ ይከኣል። መብዛሕትኦም ተጠቒሶም ዘለው ዓሳታት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ብብዝሒ ዝርከቡን ዝግፈፉን ብምዃኖም ዝለዓለ ፕሮቲን ዝርከቦ ዓሳ ምልላይን ምምጋብን ምርጫና ይኹን። ብዘወሳኺ ነዞም ብትሕዝቶኦም ዝለዓሉ ብመጠን ዋጋ ድማ ዝተሓቱ ዓሳ መረጸካ ምጥቃም፡ ዝለዓሉ ተመጊቡ መኣዛዊ ትሕዝቶ ክንክበውን ተመራጺ ይገብሮ።



ሎብስተር



ኢንድያን ማክረል (ባቓ)



ግሩፐር (ኩሸር)



ስፓኒሽ ማክረል (ዴራክ)

ብምትሕብባር ሚ/ሃ/ባሕሪ ዝዳሎ ዓምዲ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት ሞለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ቶማስ ለኣከ ኣፈወርቂ፡ ኣደይ ኣልማዝ ዓንደሚካኤል ካሕሳይ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ደረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

የርዳኖስ ሃይለ ጉብረያሱስ፡ ብዓል ቤተይ በየነ ኤልያስ ሃይለ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ዩርሳሌም ክብሮም ጉብረማርያም ምባል ተሪፉ፡ ዩርሳሌም ክብሮም ገለማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ወ/ሮ ጎተ ተወልደ ተስፋስላሰ፡ ብዓል ቤተይ ሚካኤል መልኣከ ጉብራት ስለዝተሰወኣ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሳለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋባእያ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

መም/ ሂወት ፍስሃ፡ ስም ጓለይ የሳን ሙሉጌታ ክፍለኢያሰሰ ምባል ተሪፉ፡ ዲታና ሙሉጌታ ክፍለኢያሰሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣብርሀት ኣብርሃም ኣባይ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣለምሰገድ ዛይድ ገ/መድህን፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ትርሓስ ሃብተሚካኤል በርሀ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሃብተኣብ ፍስሓ ተስፋ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ኣኸዘ ካሳ ኀበና፡ ብዓል ቤተይ ጉብረመድህን ዘውደ ሃይሉ ስለዝዋረፈ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ኣነ ምስ 7 ደቁ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሰስቲ ወረ/ሓ መሓሪ ተመልሶ ጋንፍር ኣቶ ብርሃ መሓሪ ተመልሶ ተኸሰሲ ኣቶ ተስፋሃንስ ጋይም ምስጉን፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወ/ሮ ሃና ጉብረመድህን ዘውዱ፡ ኣቦሓጎይ ዘውደ ሃይለ ፍስሓን ብዮፒር ካሳን ስለዝዋረፉ፡ 17 ሰድራ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ደረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሉተብርሃን ሓገስ ኪዳ፡ ስም ናይ ኣቦን ኣቦ ሓጉን ኪዳ ደባስ ምባል ተሪፉ፡ ማሰሮን ተኸለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሂወት ተስፉይ ምሑር፡ ኣደይ ኣብርሀት ሰንጋል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ፍስሃዩ ኪዳነ ምባል ተሪፉ፡ ፍሻለ ኪዳነ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ጺጋ ጉብረስላሰ ኪዳ፡ ተኸሳሲ ፍስሃጽዮን ኪዳነ ጉብረጻድቕ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ፍለጥ።

ወይኒ ተስፉ ገ/የሱስ ምባል ተሪፉ፡ ወይኒ ተስፉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን8/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ዓብደልቃደር ሓጂኢብራሂም መሓመድ ምባል ተሪፉ፡ዓብደልቃደር ሓጂኢብራሂም ሓምዳን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ጸገሬዳ ጺጋይ ተኸለ ምባል ተሪፉ፡ ትርሓስ ጺጋይ ወልደኣብዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሳልሕ ዑስማን ጋማ ምባል ተሪፉ፡ ሳልሕ ዑስማን ኣሕመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

መሓመድ እድሪስ ኣሕመድ ምባል ተሪፉ፡ መሓመድ እድሪስ ኣሕመድ ሱሌማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሄናክ የዕብዮ ዳርዕ ወለደና የዕብዮ ዳርዕ ናቡታን ሐሩያ ኪዳነ ረዳእን ኣብ ቅድሚ ማሰኻኽር ቀሪቦም፡ ንዓይ ምስ 2 ኣሕዋተይ ዝፈጸሙልና ህያብ ይጽደቐልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሙብራት ክብሮም ኣስራት፡ ኣቦይ ክብሮም ኣስራት ግርማገርግሽ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሙብራት ክብሮም ኣስራት፡ ኣደይ ልኡል ምስየና መድሕን ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 5 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄሮል ራኣርዳ ካርሎ፡ ዓብየና ሉተብርሃን ብሉታ ጉብረዝጊ ስለዝዋረፈት፡ 6 ደቒ ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ኣክል ኣርሀ ዘርአገርግሽ፡ ስም ኣደይ መንደላ ኣብረብ መሳ ምባል ተሪፉ፡ መኣለ ዓደብረብ መሳ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

### ንኻልኣይ ግዜ ዝወጽአ ምልክታ ጨረታ

ቀረብ መግቢ እንስሳ
ዓዳጊ፦ ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት
ኣርእስቲ ውዕል፦ ዓመታዊ ኣዋርሕ ቀረብ መግቢ
ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ)
ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ንዓመት 2025 ካብ 01/2025 ክሳብ ወርሒ 12/2025 ክሊዓት ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከማሪት ስለዝደለየ፡ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ይዕድም።

1. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ እንስሳ ብዕሹግ ደብዳበ ክቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3. ተጫረትቲ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2019 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2023 ክለራእስ ናይ ኣታዊ ወሰኸ ሃገር መንነት ወረቐት የቕርቡ።
4. ተጫረትቲ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ቤት ጽሕፈት ጨንፈር ዕድጊ ማእ/ስል/ሃገ/ኣገ/ቤት/ትም/ኢብራሂም ሱልጣን (ፔቲን) ኣብ ቁጽሪ ቴሌፎን 111479 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተጫረትቲ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ (100) ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ ኣብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ኣድራሻ ሓሙስ ዕለት 24/10/2024 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀትሪ ወይ ቅድሚኡ ክበጽሕ ኣለዎ። ደንገዩ ዝቐርብ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተጫረትቲ ሕጋውያን ወኪልቶም ኣብ ዝተረኽብሉ ስ ስርዓት ኣከፋፍታ ጨረታ ኣብ ቤት ጽሕፈት ማእከል ስልጠና ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ እምባጋልያኖ ሓሙስ ዕለት 24/10/2024 ሰዓት 10:00 ቅ፡ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. መኽበሪ ጨረታ ዝምለስ ንእንስሳ 10,000 ናቕፋ - ብሲፒኦ (c.p.o) ክትሕዙ ይግባእ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
9. ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ማእከል ስልጠና ሃገራዊ ኣገልግሎት ሳዋ
ቁጽሪ ተሌፎን 111479
ኣስመራ ኤርትራ



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እነፍቅራ ክብርቲ ብዓልተ ቤተይ ህድኣት ጉብረእግዚኣብሄር ወልደኣብ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ካብ ሕማማ ክሳብ ዕረፍታ ከምኡ'ውን ክሳብ ዓደኸሎም ኪድኩም ዘቃበርኩምና ከምኡ'ውን ኣብ ገዛና ብምምልላስን ካብ ውሽጥን ወጻእን ቴሌፎን ብምድዋልን ዘጸናናዕኩምና ኩሉኹም ልዑል ምስጋና እናቕረብና ሓዘንና ከምዝዋጽአና ንሕብር።

ብዓል ቤታ ኣቶ ጺጋይ ክብሮም ተኸለ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት

ኣቶ ሰዩም ሙሴ ሙብራህቱ፡ ዝተፈቐደሉም ናይ መሸጢ መጋጸ ኣቕሑን ስፉይ ክዳውንትን ንግዳዊ ትካሎም "ኤም3 መሸጢ መጋጸ ኣቕሑን ስፉይ ክዳውንትን" (M3 COSMETICS & BOUTIQUE) ተባሂሉ ክስየመሎም ስለዝሓተቱ፡ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ከም ዝምዝገብ ንፈልጥ።

ክፍሊ ወሽጣዊ ንግዲ

ኣብ ዞባ ማእከል ከተማ ኣስመራ ዞባ 1 ምምሕዳር 05 ጎደና መቕደላ (171-2) ቁጽሪ ገዛ 2/4 ብግዝያዊ ምስክር ዋንነት ኣባይቲ ከተማ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 120937 መወከሲ ቁጽሪ 127411 ብስም ወረስቲ ኣፍ/መሳ ጋዕስ መሓመድ ዝተመዝገበ ዘይንቀሳቐስ ንብረት (ገዛ)፡ ብውርሲ ናብ ወረስቲ ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዘእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ኖታዮ ዞባ ማእከልን ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ።

ሕጋዊ ወኪል ወረስቲ ኣሰገደ ጉብረኣምላኽ

ኣነ ወ/ሮ ደርግኣለም ጸጸ ጉብረዝጊ + 1 ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣቖሻውል ዚፕ 132 ፕሎት NOPL መለለዩ መሬት ASP00027226 መለለዩ ገዛ ASD00024554 ዝርከብ፡ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 5,170 ብዕለት 17/02/2016 ብንብረት መዝገብ ቁጽሪ 5170/2016 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸልና ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛና ክፉሉ ንወ/ሮ ዓይናም ደብሳ ኪዳነ ስለዝሸጥናዮ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓዳጊት ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጻሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ ደርግኣለም ጸጸ ጉብረዝጊ +1

ኣነ ወ/ሮ ደርግኣለም ጸጸ ጉብረዝጊ +1 ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣቖሻውል ዚፕ 132 ፕሎት NOPL መለለዩ መሬት ASP00027226 መለለዩ ገዛ ASD00024554 ዝርከብ፡ ኣብ ምም/ዞባ ማእከል ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ብቑጽሪ ውዕል 5,170 ብዕለት 17/02/2016 ብንብረት መዝገብ ቁጽሪ 5170/2016 ብስምና ተመዝጊቡ ዋንነቱ እተረጋገጸልና ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛና፡ ክፉሉ ንወ/ሮ ኤልሳ ተስፋይ ቀለታ ስለዝሸጥናዮ'ሞ ስም ዋንነት ናብ ስም ዓዳጊት ክመሓላለፍ ስለዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጻሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳነ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ወ/ሮ ደርግኣለም ጸጸ ጉብረዝጊ +1

# State of Eritrea
# Ministry of Agriculture
# Invitation for Bid

1. The State of Eritrea, Ministry of Agriculture, and National Project Coordination Office (NPCO) has received financing from the International Fund for Agricultural Development (IFAD) and intends to apply a part of the proceeds of the financing to this purchase. The use of any IFAD financing shall be subject to IFAD's approval, pursuant to the terms and conditions of the financing agreement, as well as IFAD's rules, policies and procedures. IFAD and its officials, agents and employees shall be held harmless from and against all suits, proceedings, claims, demands, losses and liability of any kind or nature brought by any party in connection with Integrated Agricultural Development Project (IADP)
2. The Integrated Agricultural Development Project (IADP) includes three components and has six years' lifetime starting June 2022. The overall goal of the project is to contribute to poverty reduction and food and nutrition security of rural households. The project Development objective is to enhance small holder agricultural production and productivity in sustainable way and improves rural livelihoods.
3. This IFB follows the general procurement notice that appeared on the IFAD website on 31 January, 2024, the United Nations Development Business (UNDB) website on 31 January, 2024 and a national newspaper Haddas Eritrea/ Eritrean profile on 2 March, 2024,
4. The purchaser now invites sealed bids from eligible entities (bidders) for the Procurement of safe case and weighting scale at CIF Massawa Sea port for Goods supplied from the outside of the country or MOA Ex-warehouse for Goods supplied from within the country with 120 days delivery period from contract signature. More details on these goods and related services are provided in the schedule of requirements in this bidding document.
5. This IFB is open to all eligible bidders who wish to respond. Subject to the restrictions noted in the bidding document, eligible entities may associate with other bidders to enhance their capacity to successfully deliver the goods and related services.
6. Bidding will be conducted using the national competitive bidding (NCB) method, the evaluation procedure for which is described in this bidding document, in accordance with the IFAD Procurement Handbook which is provided at www.ifad.org/project-procurement. The NCB process, as described, will include a review and verification of qualifications and past performance, including a reference check, prior to the contract award.
7. Please note that a pre-bid conference will not be held as described in the bid data sheet (BDS), Section III of the bidding document.
8. Bidders interested in submitting a bid shall get the bidding document for free against application letter. Bidding documents can be obtained by sending an e-mail or letter, giving full contact details of the bidder, to the following point of contact. This will ensure that the bidders receive updates regarding this bidding document.

To: Ministry of Agriculture,
Procurement and Supplies Management Division (PSMD)
Lidia Russom (Senior Procurement officer)
Sawa Street, Asmara, Eritrea
Email: Lidyarusomlidu1221@gmail.com
Tel Number: 00291181076/00291189266
P.O. Box: 1048

9. Bids must be delivered to the address and in the manner specified in the bid data sheet –instructions to bidders 23.2, no later than 9:30 am local Asmara, Eritrea time, 12 November 2024.
10. Bidders shall be aware that late bids will not be accepted under any circumstance and will be returned unopened at the written request and cost of the bidder. All bids must be accompanied by bid-securing declaration.
11. Please note that electronic bids shall not be accepted

## ምልክታ ጨረታ

### ፋብሪካ በራ ኣስመራ

ፋብሪካ በራ ኣስመራ ዝ. ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሩ ዘሎ ንብረት ብዘሎ ኩነታት ብጨረታ ክሸይጥ ስለዝደለየ፣ ናይ ንግዲ ፍቓድ ዘለዎምን ናይ 2023 ዓ.ም. ግብሪ ዝኸፈሉን ግዱሳት ተጫረትቲ ይዕድም። ጨረታ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ን10 ናይ ስራሕ መዓልታት ዝጸንሕ ኮይኑ፣ ንጽባሒቱ ተጫረትቲ ወይ ድማ ሕጋውያን ወከልቶም ኣብ ዘለውሉ ሰዓት 10:00 ቅድሚ ቀትሪ ይኽፈት።

| ተ.ቁ. | ዓይነት ንብረት |
| --- | --- |
| | ናይ 50, 20, 10 ኪሎ መሸማዓት |
| | ናይ 50, 100 ካልኣይ ኢድ መሸማዓት |
| | ናይ 50, 30, 25, 10, 5 ሊትሮ ፕላስቲክ ጀሪካናት |
| | ናይ 200ን 30ን ሊትሮ ሓጺን በርሚል |
| | ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ካርቶናት |
| | ዝተፈላለየ ዓቐን ዘለዎም ጸፋሕቲ ካርቶን |
| | ቁርጽራጽ ካርቶን፣ ፕላስቲክ ወ.ዘ.ተ. |

1. ተጫረትቲ ዝርዝር ንጨረታ ዝቐረቡ ኣቑሑት ካብ ቤት ጽሕፈት ዕድጊ ፋብሪካ በራ ኣስመራ ክወስዱ
2. ይኽእሉ።
3. ጨረታ ክፉት ኣብ ዝኾነሉ ናይ ስራሕ መዓልታት ካብ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ. ክሳብ ሰዓት 11:00 ቅ.ቀ. ንጨረታ ንዝቐረበ ኣቑሑት ክዕዘቡ ይኽእሉ።

ተጫረትቲ እዚ ዝስዕብ መጠን ገንዘብ ብCPO ክሳብ መውዓኢታ ዕለት ምቕባል ሰነድ ጨረታ ክትሕዙ ይግባእ።

ሀ) ካብ ተ.ቁ. 1 ክሳብ 4 ዝዘሎ ንብረት ዝጫረቱ ተጫረትቲ ንመኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 100,000 ናቕፋ

ለ) ካብ ተ.ቁ. 5 ክሳብ ተ.ቁ. 7 ዝዘሎ ንብረት ዝጫረቱ ተጫረትቲ ድማ ንመኽበሪ ጨረታ ዝምለስ 50,000 ናቕፋ

4. ተጫረቲ ዝገዝኡሉ ዋጋታት ኣብ ሰነድ ጨረታ ብገጽ.ር የስፍሩ። ንጹር ዘይኮነ ዋጋታት ዝሓዘ ሰነድ ተቐባልነት ኣይህልዎን።
5. ተዓዋቲ ጨረታ፣ ናይ ዝተዓወተሉ ንብረት ዝምልከት ዝኾነ ወጻኢ. ባዕሉ ይሸፍን። ክኽፈሉ ዝግብኦ ክፍሊታት (ግብርን ካልእን) ከፊሉ ከአ ጨረታ ካብ ዝተኸፍተሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ቀጽሪ ፋብሪካ ክልዕል ይግባእ።
6. ፋብሪካና ነቲ ጨረታ ብኸፊል ኮነ ብምሉኡ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

**ፋብሪካ በራ ኣስመራ**

## PUBLIC NOTICE

Total Eritrea Share Company (Sh. Co.) hereby announces the following to the general public:

1. As per to the meeting of the Board of Directors of Total Eritrea Sh.Co. held on 22 June 2023, the following persons are members of the board:

| | |
| --- | --- |
| Mr. VAN PARYS OLIVIER | Director; Chairman |
| Ms. HELOU MAY | Director |
| Mr. DE VITRY PATRICK | Director |

2. The Board of Directors of Total Eritrea Sh.Co. in its meeting held on 23 December 2021 appointed Mr. Charles DIKONGUE NLEPPE as a General Manager of the Share Company with effect as of 1st January 2022 for a period of three (3) years, i.e, until the conclusion of the annual general meeting called to approve the financial statements for the year ending 31 December 2024.

Total Eritrea Share Company

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ኣሜን ተስፋይ

ካልኣይ ክፋል

## ተጻዋታይ፡ ኣሰልጣኒ . . . ኢንስትራክተር - ተኪኤ ኣብርሃ

ኣብ ግዜ ስርዓታት ሃይለስላሰን ደርግን፡ ተኪኤ ኣብርሃ ኣብ ምውህሃድ ስፖርት እዩ ሰሪሑ። ኑቲ ዘሕለፎ ህሞት ድማ ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ።



ኣብ ግዜ መግዛእቲ ሃይለስላሴ፡ ህዝቢ ኤርትራ ብፍላይ ድማ ተቐማጦ ከተማ ኣስመራ ዝስዕቦ ዝነበረ ውዕወዕ ጸወታታት ኩዕሶ እግሪ፡ እቲ ህዝቢ ብዓይኒ ሓቐኛ ስፖርት ብምልኡ ስምዒት ይኸታተሎ'ኳ እንተነበረ፡ እቲ ዝነበረ ስርዓት ግን ኣብ ፖለቲካዊ ረብሓኡ ንኸቕይሮ'ዩ ሓሊኑ ተበጊሱ። ብስፖርት ኣሳቢቡ ብኣውራጃ ፈላሊኻ ንህዝቢ ፋሕፋሕ ኣቢልካ ብምብትታን ብዘዕባ ስውራዊ ቃልሲ ሃገሩ ከም ዘይሓስብ፡ ኣብ ሓደ ከይሰምር ምግባር ቀንዲ ዕላማኡ ነይሩ። እንተኾነ ግን ንቕሓት ናይ'ቶም መንእሰያት ልዑል ስለ ዝነበረ፡ ኣብ 1975 ብጋንታታት ከይተረፈ ተተጠርኒፎም ንሜዳ ክጋደሉ ይወጹ ከም ዝነበሩ የዘኻኽሩ።

እቲ ስዒቡ ዝመጸ መግዛእቲ ስርዓታት ስለ ዘሰንበደም፡ ካብ ኣርባዕተ ክሳብ ሓሙሽተ ዓመታት ስፖርት ኣቋሪጹ ነይሩ። ድሕሪኡ ግን ከም ዝጅመር ተገይሩ። ኣስማት ጋንታታት እውን ካብ ኣውራጃ ወጺኤ ኮይኑ። ንኣብነት ኣዱሊስ፡ ድግዓሊን ዚላን ኣብ 1979 ክምስረታ ከለዋ፡ ባጀት ናይ'ዘን ጋንታታት ድማ ብምምሕዳራት ወይ ቡቲ ናይ ሸው መጻወዲ ቀበሌታት ተውሂቡ ካብ ህዝቢ ይዋጻእ ነይሩ። ክሳብ 1982፡ ድማ ልዑል ኣበርክቶ ከም ዝነበረን ኣቶ ተኪኤ ይዝክር።

ስርዓት ደርግ፡ ስፖርት ንመንእሰያት መትሓዚ ክኸውን ስለ ዝሓሰበ ኣስፊሑ ክሕዞ'ዩ ተበጊሱ። ስምዒታት ስፖርታውያን ግን ከም ኤርትራውያን ዘይኮነ ከም ኢትዮጵያውያን ሓሲቦም ንኽጻወቱ ዝሓሰበ ስወር ኣተሓሳስባ እዩ ነይሩ። ኣስማት ናይ'ተን ጋንታታት ድማ ብዝተፈላለያ ፋብሪካታትን መንግስታውያን ትካላትን ክኸውን ኣዚዙ። ንኣብነት፡ ምስ ናይ ሸው ከተማ (ኣስመራ ማዘጋጃ-ቤት)፡ ከም እኳ ጋንታታት ኣዱሊስ፡ ድግዓሊን ዚላን ከም ዝጥርኑፋ ተገይሩ። ከም ብዓል ፖሊስ፡ ኣስመራ በራ፡ ኤልፓ፡ ቺፖሊና፡ ፋብሪካ ክሻ፡ ክርቢት. . . በዘትካልአተን ተውዲበን ይጻወታ ነይረን።

ኣቶ ተኪኤ፡ ዓላሚ ናይ'ታ ሓንቲ ካብ'ተን ብሉጻት ጋንታታት ዝነበረት ኣዱሊስ እዩ ነይሩ። ነታ ጋንታ ንዓመታት ብምዕላሙ ብዙሓት ተጻወትቲ ዘፍረየ ኣብነታዊ ዓላሚ ንክኸውን ዝበቕዐ እዩ።

ጋንታ ኣዱሊስ፡ ብኣቶ ተኪኤ ኣብርሃ እናተመርሐት ኣብ'ዞም ዝስዕቡ ኣህጉራዊ ጸወታታት ተጻዊታ ነይራ፡

- ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ቅዱስ ጊዮርጊስ፡ ፋብሪካ ሽኮር (ወንጂ ስኳር)፡ ከተማ፡ ባቡር ምድር፡
- ኣብ ሱዳን (ከሰላ)፡ ምስ ታካ፡ ኣልፈላሕ፡ ኣልሙርቃኒ፡
- ኣብ ታንዛንያ፡ ምስ ሰምባ፡ ኤክስፕረስ፡ ሞሮሶ፡
- ኣብ ኬንያ፡ ምስ ብሪወሪ፡ ኣልመውረዳ
- ኣብ ኡጋንዳ፡ ምስ ቪላን ያንጋን
- ኣብ የመን፡ ምስ ሕርይቲ ጋንታ ሰንዓ፡ ኣልወሕዳ፡ ኣልኣህሊ፡ ኣብ'ዚ ጸወታታት'ዚ ሓደ ግዜ ማዕረ፡ ክልተ ግዜ ስዒሮም።

ኣቶ ተኪኤ፡ ኣብ ድሮ ናጽነት ማለት 1990 ኣሰልጣኒ ሕርይቲ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ነይሩ። ቀኦመና ናይ'ታ ጋንታ ከመይ ከምዝነበረ ተወኪሰናዮ።

ኣብ'ቲ እዋን ካብ ዝነበራ ሓያላት ጋንታታት ከም ዝነበረት፡ ንዘገጥምዋ ዝነበሩ ብደሆታት ወይ ሕልኽላኻት በዲሃ ንዓወት እትዳሎ ዝነበረት ጋንታ ምንባራ የዘኻኽሩ።

ኣብ'ቲ እዋን'ቲ፡ ኣስመራ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ስለ ዝነበረት፡ ዝካየዱ ዝነበሩ ውድድራት ኣብ መንጎ ክፍለ-ሃገራት ደሓር "ራስ ገዝ" ዝተባህለ እዮም ነይሮም። ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዘዋሪት ዋንጫ መን ዓተረ ግጥም ነይሩ። ንሕርይቲ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ ዝብድሃ ጋንታታት ኣይነበራን። እተን ጋንታታት ሸዋ፡ ሃረርን ኣዲስ ኣበባን እየን ነይረን። ሰለስቲአን ተሳዒረን ዋንጫ ናብ ኤርትራ መጺኡ። ሸው ዝነበረ ስምዒት ኤርትራውያን ኣብ ኣዲስ ኣበባ ካብ ኣእምሮኡ ዘይሃስስ ፍጻመ ከም ዝኾነ የዕልል።

ገለ ካብ'ቲ ዘጋጥምዎም ዝነበሩ ሕልኽላኻት ወይ ብደሆታት ንኽብልጽልና ምስ ተወከሰናዮ ከኣ፡ ውጽኢት ብረታዊ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ ኣብ ምጭባጡ ስለ ዝነበረ፡ ደርግን ደገፍቱን ሕቖኦም ተገዚዞምሉ ዝነበሩሉ ሃዋሁ እዩ ነይሩ። በዚ መሰረት ኤርትራ ዕውትቲ ከይትኸውን፡ ህዝባ ፍናን ከይጉብር፡ እቶም መንግስታውያን ሓለፍቲ ከፉንዉዎም ከለዉ ዘሰምዑዎ መደረ ንስዕረቶም ዝምስክር'ዩ ነይሩ።

"ስምዑ ኣብ'ዚ ተካይድዎ ውድድር ምስ'ዚ ዘሎ ኩነታት ክፍሊ ሃገርና፡ ምስ ማእከል ሃገር ሓያላት ተጻወትቲ ዘውንና ገጢምኩም ክትስዕሩ፣ ዋንጫ ሒዝኩም ክትመጽኡና ዝጽበየኩም ኣካል የለን። ኣብ ክንድኡ ንሽኻትኩም ናይ ጠባይ ዋንጫ ሒዝኩም ክትመጽኡና ኢና ንጽበየኩም። ስለ'ዚ ንስዕረትኩም ብጸጋ ተቐበሉ። ጥራይ ብጠባይኩም ብስነ-ምግባርኩም ትሕትናኹም ተናኢደኩም ምጽኡ። እዚ ድማ ኩሉ 'ኣብ ኤርትራ ዝነበር ህዝቢ እሾኽ'ዩ' ስለ ዝበለና፡ ኣበሃህልኦም ክንልውጦ ክንክእል ኣሎና። መታን ክትሕገሱን ሞራል'ውን ክትገብሩን ሓድሽ ማልያ ገዚእናልኩም ኣሎና። በዛ ገዚእናልኩም ዘሎና ማልያ ክትጻወቱ ናይ ግድን እዩ!" ዝብል ትእዛዝ ሂቦሞም።

እተን ማልያታት ዕሹጋት እየን ነይረን። ብዕሹጋተን ንኽወስዱወን ድማ ተሓቢሩዎም። ኣብ ግዜ ጸወታ ተጻወትቲ ነታ ጥሮ ምስ ከፈትዋ ሓደ ዘይተጸበይዎ ምስጢር ጸንሖም። እታ ወትሩ ዝለብስዋ ሰማያዊት ሃሳስ ማልያ ዘይኮነት፡ ቀጠልያ፡ ቀይሕን ብጫን ዝለዋ ማልያ ንባንዴራ ኢትዮጵያ እትውክል ኮይና ጸንሓቶም። ተጻወትቲ ሕርይቲ ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ "ንሕና ነዚ ማልያ'ዚ ገይርና ኣይንጻወትን ኢና!" ኢሎም ኣዕገርጊሮም። ብወገን ብዓል ተኪኤ ከም ኡ'ውን ተሓጋጊዞሙ ዝነበረ ገዚኢ ተስፋጋብርን ንተጻወትቶም ከረጋግኡ ሓሳብት ኣመንጪዉ።

"እዚ፡ ክንርበሽን ከዕገርግርን እሞ፡ ጸቡቕ ከይተጻወትና ንኸንሰዖር ዝዓለመ'ዩ። እታ ሰማያዊት ማልያ ኣብ ልቢ ኩላትና ስለ ዘላ ዘውጽኣ የለን። ዝ. ኣሚንና ጸወታና ከሰላስል ጥራይ ኣሎና፡" ኢሎም ንተጻወትቶም ሳላ ዘረጋግእዎም'ዮም ነታ ዋንጫ ዝዓተሩዋ።

ኣብ 1990፡ ተመረጽቲ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኢትዮጵያ ዝነበሩ ኤርትራውያን፡ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ሓድሽ ኣበራ (ኮረሪ)፡ ተስፋሚካኤል ዳኘው (ፋንጁዕ)፡ ነጋሽ ተኽሊት፡ ኣማኑኤል ኢያሱ፡ ተፈራ ጉብረክርስቶስ፡ ሚኪኤል ኣየለ (ቡኛ)፡ የውሃንስ ዘሚካኤል፡ ኣለም ኣስፍሃ፡ ኣለም መለስ (ቺኩትሪ)፡ ብርሃ ዓንደብርሃን (ካርካሳ)፡ በረኸት ዘሚከኤልን መሓሪ ፍስሃየን እዮም።

ኣብ ጽባሕ ናጽነት ዝነበረት ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ኤርትራ፡ ኣሰልጣኒኣ ተኪኤ ኣብርሃ እዩ ነይሩ። እታ ጋንታ ምስ ምምጻእ ናጽነት ኣብ 1992 ካብ'ቲ ዝካየድ ዝነበረ ውድድራት ካብ ኣዝዩ ብርቱዓት ጋንታታት ዝተመርጸት ከም ዝነበረት ይሕብር።









ኣብ'ታ ጋንታ ዝጸወቱ ዝነበሩ ዕላማኦም ዝፈልጡ፡ ዘኽብሩ፡ ብኣካላዊ ብቕዓት ዝሓዱ፡ ብቴክኒክ ዝበለጹ፡ ብስነ-ምግባር ዝተሃንጹ፡ ንዝወሃቦም መምርሒ ምኽሪ ወሲኾም ዝተግብሩ፡ ብዙሕ ሓደራ ዘየድልዮም ሓላፍነታውያን ተጻወትቲ ስለ ዝነበሩ፡ ወትሩ ክርስዑ ዘይክእሉ ተጻወትቲ ከም ዝነበሩ ንድሕሪት ተመሊሱ ይዝክር።

እቲ እዋን፡ ናጽነት ዝተቐራረበሉ፡ ናይ ህዝቢ ፍናንን ናይ ምግባር ድሌትን ኣብ ጥርዚ ዝበጽሐሉ ስለዝነበረ፡ ብዓቢኡ ኸኣ ዝኾነ ኤርትራዊ ኣብ ዝኾነ ዓውዲ ተወዳዲሩ ክዕወት ከም ዝኽእል እምነቶን ናይ ምግባር ድሌትን ኣብ ህዝቢ ሰሪጹ ስለ ዝነበረ፡ ነታ ሃገራዊት ጋንታ ንዓወታ ሓጊዙ ከም ዝነበረ ሓቢሩ።

እቶም ተጻወትቲ፡ ቅድሚ ግጥም ሱቡኦም ከምቐ ኸለዉ፡ ፍናን ዘሰንቑ ናይ ሜዳ ደርፈታት ብሓባር እናደረፉ ምስ'ቲ ምንቅስቓሶም ዝሳነ ህርመት ተጠቒሞም ንሜዳ ብፍናን ይኣትዉ ከም ዝነበሩ ይዝክር። እቶም ሸው ዝነበሩ ኣባላት ናይ'ታ ጋንታ እዞም ዝስዕቡ እዮም።

ሓላዊ ማዕጾ ብርሃ ኣርኣያ (ብሬታ)፡ ሳምሶም ፍስሃየ፡ ፋኣድ ዓብደልቃድር፡ ኣማኑኤል ካሕሳይ፡ ሳልሕ ዓሊ፡ ዳኒኤል እስጢፋኖስ፡ ሙሴ በየነ፡ ዳንኤል ኣብርሃ፡ ተኽለኣብ ደሱላቕ፡ ልኡል ፍስሃየ፡ መሓሪ ፍስሃየ፡ መዝገበ ካሱ፡ ነጋሽ መሓመድ፡ ተስፋንከኤል ተወልደ፡ ቢንያም ኣርኣያ፡ ኣለም ረዳኢ፡ ነጋሽ ተኽሊት፡ የሴፍ ተኽሉ፡ ሳሚኤል ኣቤል፡ ቴድሮስ ተኽሊት፡ ሚከኤል ሃብተ (ፓቸ)፡ ኣለምሰገድ ኤፍሬም፡ ያሲን መሓመድ፡ ብርሃኑ የውሃንስ ዘሚካኤል፡ ኤፍሬም መለስ (ወዲ ኣልጫ)፡ ኣማኑኤል ኢያሱን ኣብርሃም ፍስሃየን ነይሮም።

ካብ'ዞም ኣብ 1992 ዝነበሩ ኣባላት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ እዞም ዝስዕቡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ምስ ዝነበራ ጋንታታት ዝጻወቱ ዝነበሩ ከም ዝኾኑ ሰዓቱ ፈቲሹ ኣዕሊሉና - ኣቶ ተኪኤ። ንሳቶም ከኣ፡ ዓብዱሰላም ሳልሕ (ፊትሽ)፡ ፋኣድ ዓብደልቃድር፡ ፋሲል ኣብርሃን ኣብዲ ሰይድን ከም ዝኾኑ ይገልጽ።

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ምዉቕ ኣቀባብላ ተገይሩላ

ኣማር ዓሊ

ኣብ ኬንያ ክካየድ ኣብ ዝቖጸ ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ኣፍሪቃ 2024 ብኽልቲኡ ጾታ ደሙቕ ዓወት ዘመዝገበት ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ትማሊ ሰሉስ 15 ጥቅምቲ ኣብ ሰዓታት ንግሆ ናብ ሃገራ ኣብ ዝተመልሰትሉ፡ ምዉቕ ህዝባዊ ኣቀባብላ ተገይሩላ።

እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣብ ኣህጉራዊ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስመራ ኣብ ዝኣተወትሉ፡ ኮሚሽነር ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ኣምባሳደር ዘመደ ተኽሉ፡ ኣኽሊል ዕንባባ ብምብርኻት ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም መልእኽቲ ኣሕሊፉ።

ድሕሪ'ዚ፡ ናብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት - ዓዲ ሃሎ ኣምሪሓ፤ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ደማ ምዉቕ ኣቀባብላ ተገይሩላ፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንኣባላት፡ ኣሰልጠንትን ኣካየድቲን ናይ'ታ ሃገራዊት ጋንታ፡ ኣብ ዓዲ-ሃሎ ኣብ ዝተቐበለሉ፡ በቲ ዝተመዝገበ ዓወት የሓጎሱ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ኩሉ ዓይነታት ስፖርት ተወዳደርቲ ጥራይ ዘይኮኑ ሰዓርቲ ስፖርታውያን ብብዝሒን ዓይነትን ንምፍራይ ብዕቱብ ክስራሕ ተላቢዩ።

ኣምባሳደር ዘመደ ብወገኑ፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ዓወት ወጽኢት ናይ'ቲ ብህዝብን መንግስትን ክንብርዎ ዝጸንሑ ደገፍን ምትብባዕን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ ብዘለዓለ ከምዝቶጀል ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ።




ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ንዕውትቲ ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኣቀባብላ ገይሩላ

ኣሰልጠንትን ተቐዳደምትን ደማ፡ ስለ'ቲ ዝተጉብረሎም ደሙቕ ህዝባውን መንግስታውን ኣቀባብላ ድሕሪ ምምስጋን፡ ብህዝብን መንግስትን ብሓፈሻ፡ ብፕረዚደንት ኢሳይያስ ድማ ብፍላይ ዝግበረሎም ደገፍን ምትብባዕን ኑቲ ናይ ምስዓር ስነልቦናኦም ተወሳኺ ድርኺ ምዃኑ ብምግላጽ፡ ኣብ መጻኢ ስምን ምስልን ሃገርም ንምኽሳዕ ዘለዎም ድልውነት ኣረጋጊጾም።

ብድሕሪ'ዚ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ ኣብ ቀንዲ ጉደናታት ከተማ ኣስመራ ዞሪያደቶ ዑደት'ውን ኣካል ናይቲ ናይ ምቕባል ስነ-ስርዓት እዩ ነይሩ። ብህዝቢ ደማ ደሙቕ ኣቀባብላ ተገይሩላ።

እዚ ውድድር ካብ 9 ክሳብ 13 ጥቅምቲ ኣብ ከተማ ኤልዶሬት ዝተኻየደ ኮይኑ፡ ኤርትራ፡ ብሓሙሽተ ጋንታታት ብምስታፍ ደሙቕ ዓወታት'ያ ተጎናጺፋ።

ብዘይካ ፕሮፈሽናል ተቐዳዳማይ ሄኖክ ምሉእብርሃን፡ እቶም ካልኦት ኩሎም ኣብ ውድድራት ዞባ ማእከል ዘወዳድሩ ተቐዳደምቲ፡ ሓቕፋ ናብ ኤልዶሬት ዝተጓዕዘት እዛ ሃገራዊት ጋንታ፡ ሽውዓተ ወርቂ፡ ሓሙሽተ ብሩርን ኣርባዕተ ኑሓስን ብድምር 16 መዳልያታት ምዕታራ ይፍለጥ። ኑቲ ኣብ 2022 ኣብ ግብጻዊት ከተማ ሻርማሼኽ ብ15 መዳልያታት ኣመዝጊባቶ ዝጸንሐት ናይ ባዕላ ክብረ-ወሰን ብዙሒ መዳልያታት ደማ ኣመሓይሾም። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብቲ ልዑል ትጽቢት ዝተጉብረሉ ናይ ጽርግያ ውድድር፡ ሄኖክ ሻምፕዮን ድሕሪ ምዃኑ፡ "ኣብ ታሪኽ ናይቲ ውድድር ናይ ፈለማ ተቐዳዳማይ ሰለስተ ግዜ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ክኸውን ዝበቕዐ" ዝብል ክብረ-ወሰን ብምሓዙ፡ ንዓወታት እዛ ጋንታ ተወሳኺ ድምቀት ሂቡዎ። እዛ ጋንታ፡ ካብ ኩለን ሓ.ዛተን ዝተጓዕዛ ሓሙሽተ ጋንታታታ ብድምር 1014.33 ናይ ዩሲኣይ ነጥቢ'ውን ከተዋህልል ክኢላ ኣላ።

እዚ ውድድር'ዚ ካብ 2001 ዝጀመረ ኮይኑ፡ ኣብ ገለ ዓመታት ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ኣይተኻየደን። ኣብ'ዚ ውድድር'ዚ ኤርትራ፡ ኣብ 2010 እያ ብመገዲ ኦሎምፒኻዊ ተቐዳዳማይ ዳኒኤል ተኽለሃይማኖት ንፈለማ ግዜ ሻምፕዮን ኮይና። ካብታ ዓመት ንደሓር ከኣ፡ ብመገዲ ዝተፈላለዩ ተቐዳደምቲ፡ ብድምር 10 ግዜ ሻምፕዮን ብምዃኑ፡ ኣብ ቀዳማይ ተሰሪዓ ትርከብ።




## ደሃይ ተቐዳደምትና

ናይ ምርልድ ቱር ቅድድም ብሽክለታ እዛ ዓመት ክዝዝም ሓንቲ ውድድር ኣብ ቻይና ተሪፋትሉ ኣብ ዘላ እዋን፡ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ለድል ትረክ ኣማኑኤል ጉብረእግዚኣብሄርን ናትናኤል ተስፋጼንን፡ ትማሊ ኣብታ ሃገር ኣብ ዝጀመረ ውድድር ይሳተፉ ኣለዉ።

ዙር ጓዋንግዚ ተባሂሉ ዝጽዋዕ እዚ ናይ 2. (ክልተ ነጥቢ) ምርድል ቱር ውድድር፡ ትማሊ ኣብ ቀዳመይቲ መድረኽ 149.4 ኪሎሜተር ሸፊኑ። ቤልጂዩማዊ ተቐዳዳማይ ክሉብ ሎቶ ደስትኒ ለያኔል ታሚኒያክስ ኩኡ፡ ብቐጸቢታዊ ውድድር ንወዲ ሃገሩ ኣባል ኢንተርማርቼ ጊጅስ ቫን ሀከ በለጹ ብ3 ሰዓት፡ 17 ደቒቕን 58 ካልኢትን ተዓዊቱሉ። ኩሎምቢያዊ ተቐዳዳማይ ዩኤኢ ኩዋን ሰበስቲያን ኩኡ፡ ብተመሳሳሊ ግዜ ሳልሳይ ኣትዩ።

ኦሎምፒኻዊ ተቐዳዳማይ ኣማኑኤልን ናይ መወዳእታ ዓመቱ ምስ ለድል ትረክ ዝጻወት ዘሎ ናትናኤልን እውን ግዜ ከይከሰሩ ብቐደም ተኸቲል መበል 58ን 69ን ደረጃ ሒዞም። ሻምፕዮን ኤርትራ 2024 ዝኾነ ናትናኤል፡ ንዓመታ ናብ ክሉብ መቨስታር ክጽምበር ተሰማሚዑ ብምህላዉ፡ ናይ መወዳእታ ውድድሩ ብማልያ ለድል ትረክ እዩ ዘካይድ ዘሎ።

ካብ 2020 ክሳብ 2022 ብሰንኪ ኮሮና ዘቋረጸ እዚ ውድድር፡ ለሚ ዓመት ንሓሙሻይ ግዜኡ እዩ ዝካየድ ዘሎ። ሓደ ካብቶም 35 ናይ ምርልድ ቱር ውድድራት ዝኾነ እዚ ውድድር፡ ክሳብ 20 ጥቅምቲ ሸዱሽተ መድረኻት ክሽፍን እዩ፡ ተቐዳደምቲ ኩኡ ብድምር 1021 ኪ.ሜ ንውሓት ክጎዓዙ እዮም።

ንፈለማ ግዜ ኣብ'ዚ ውድድር ዝተሳተፈ ኦሎምፒኻዊ ተቐዳዳማይ መርሃዊ ቅዱስ ኮይኑ፡ ኣብ 2019 ምስ'ታ ጋንታኡ ዝበረት ኣስታና ብምዃን እዩ ተወዳዲሩ። ኣብ ሳልሳይቲ መድረኽ ኩኡ 10ይ ደረጃ ሒዙ። ብድምር ኣብ ሓፈሻዊ ግዜ መበል 17፡ ኣብ ናይ መንእሰያት ጸዕዳ ማልያ ሻሙናይ ብምውጻእ ደማ ዛዚምዎ።

## ቱቸል፡ ዓላሚ እንግሊዝ ንምኳን ይዘራረብ

ናይ ቅድም ዓላሚ ፒኤስጂን ቸልሲን ቶማስ ቱቸል፡ ሓዳሽ ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ንምኳን ይዛራረብ ምህላዉ ተቓሊሑ።

ቱቸል፡ ዝሓለፈ ወርሒ ግንቦት እዛ ዓመት መዘዙት ምዕላም ባየር ሙኒክ ምስ ገደፎ፡ ዛጊት ኣብ ዕረፍቲ እዩ ዝርከብ። ካብ ዝሓለፈ ክልተ ሳምንቲ ጀሚሩ ኩኡ ስሙ ምስቶም መዝበር ምዕላም እንግሊዝ ክሕዙ ዝኽእሉ ተባሂሎም ክጥቀሱ ዝቐጽሉ - የርገን ክሎፕ፡ ግርሃም ፖተርን ኤዲ ሃውን ተኣሳሲሩ ክለዓል ጸኒሑ።

ብመሰረት ጋዜጣ ስካይ ስፖርት ኩኡ፡ ፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ እንግሊዝ ኣብ ኔሽንስ ሊግ ብጊዜኸ ድሕሪ ምስዓርዎ፡ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ናይ ምምዛእ መደቡም የቀላጥፍዎ ኣለዉ። ንቱቸል ድማ ከም ቀዳማይ ኣማራጺ ብምሕባር ምስ ወከልቱ ኣብ ምዝርራብ ደርከቡ።

እንግሊዝ ዓላሚኣ ዝበረ ጋረዝ ሳውዝጌት ድሕሪ ዩሮ 2024 ምስ ገደፈ፡ ብግዜያዊ ዓላሚ ሊ ካርስሊይ እያ እትዕለም ዘላ። ቱቸል ዓላሚኣ ኮይኑ እንተተመዝዚ ኩኡ ሳልሳይ ዘይእንግሊዛዊ ዓላሚ ደቂ ተባዕትዮ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ክኸውን እዩ - ድሕሪ ሽወደናዊ ስቨን ጎራን ኤሪክሰንን ኢጣልያዊ ፋቢዮ ካፐሎን።

## ምባፐ፡ ብዓመጽ . . .

ጋዜጣ ደየሊ መይል፡ ንናይ ሽወደን ማዕከናት ዜና ብምጥቃስ፡ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ኪይላን ምባፐ፡ ብዓመጽን ጾታዊ መጥቃዕትን ጓል ኣንስተይቲ ኣብታ ሃገር ተኸሲሱ ምህላዉ ሓቢሩ።

ምባፐ፡ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ኣዕሪፉ ብምንባሩ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ካብ ረቡዕ ክሳብ ዓርቢ ምስ ኣዕሩኽቱ፡ ኣብ ስቶክሆልም ናብታ ሃገር ከምዝተጓዕዘ ይገልጽ። ኣብቲ ዓመጽ ከምዝተኻየደሉ ዝግለጽ ሆቴል ከምዝዕረፈ ደማ ይሕብር።

ምባፐ፡ ሓደ ካብቶም ጥርጡራት ምዃኑ ዝገልጹ ምንጪታት እዛ ሃገር ኩኡ ገለ መርትዖታት ብፖሊስ ተታሒዙ ምህላዉ ይሕብሩ። ዛጊት ወግዓዊ ክሲን ዝተኣሰረ ሰብን ከምዘየለ'ውን ይውስኹ። እንተ ምባፐ፡ "ናይ ሓሶት ዜና" ክብል ነዚ ዝወጸ ሓበሬታ ነጺግዎ ኣሎ።

## ዓላሚ ኣርጀንቲና፡ ብዘይ መሲ ጸገም ከምዘይብሎም ገሊጹ

ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ ኣርጀንቲና ሊዮኔል ስካሎኒ፡ እዛ ዕውትቲ ዋንጫ ዓለም 2022 ዝኾነት ጋንታ፡ ብዘይ ወሳኒ ተጻዋታይ ሊዮኔል ማሲ ዕውትቲ ኮይና ክትቅጽል ከም እትኽእል ገሊጹ።

ኣብ 2005 ቀዳማይ ኣህጉራዊ ጸወታኡ ዘካየደ ወዲ 37 ዓመት መሲ፡ ዛጊት ንኣስታት ክልተ ዕቑድ ኣብ ምጽዋት ይርከብ። ብፍላይ ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት፡ እዛ ጋንታ ክልተ ግዜ ኮፓ ኣመሪካ ሓንሳብ ዋንጫ ዓለም ክትዓትር መሪሕ ተራ ከምዝተጻወተ ይፍለጥ።

ሕጂ ግና፡ ዕድመ እናደፍአ ኣብ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን፡ ጋንታኡ ካብ ተመርኲስኡ ክትግላገል ከምዘለዋ፡ ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ይገልጹ። ገለ ኩኡ እዛ ጋንታ ብዘይብኡ ከምቲ ዝበረቶ ዕውትቲ ክትከውን ከምዘይትኽእል ይዛረቡ።

ስካሎኒ ግና፡ መሲ፡ ኣብ ዘይብሉ ብኸመይ ክጻወቱ ከምዝኽእሉ ፈሊጦም ከምዝለዉ ብምግላጽ፡ ጸገም ከምዘይህልዎ ገሊጹ። "መሲ ምሳና ክህሉ ኣገዳሲ እዩ፡ ምኽንያቱ ዳርጋ ኩሉ መጥቃዕቲ ክሰርሕ ብኡኡ እዩ ዝሓልፍ። ኣብ ሽቶ ምምዝጋብ'ውን ብተመሳሳሊ። እንተኾነ እቲ ናይ ጸወታ ሓሳብ ንሱ ይሃሉ ኣይሃሉ ኩሉ ግዜ ሓደ እዩ። ንሱ ክህሉ እኳ ንመርጽ እንተኾንና፡ ናይ ጸወታ ኣምርና ግን ኣይቅይርን እዩ። ደሮ ንሱ ኣብ ዘይብሉ ብኸመይ ንጻወት ፈሊጥና ኣለና።" ኢሉ።

ሸሞንተ ግዜ ሽልማት ባሎን ድ'ኦር ዝዓተረ መሲ፡ ዛጊት ኣብ 188 ግጥማት 109 ሽቶታት ንሃገሩ ኣበርኪቱ ኣሎ።

# ዜና ወጻኢ

ተስፋኣለም የማነ

## ሰሜን ኮርያን ደቡብ ኮርያን ዘራኽበን ጽርግያታት ኣዕንየናኦ

ሰሜን ኮርያ ነቲ ምስ ደቡብ ኮርያ ዘራኽብ ኣብ ዶብ ዝርከብ ጽርግያ ከምዝሃወቶ ማዕከናት ዜና ዓለም ኣቃሊሐን።

እቲ ተግባር ነቲ ኣብ'ዚ ዓመታት'ዚ ኣብ ሓውሲ ደሴት ኮርያ እናኸፍአ ዝመጸእ ዘሎ ወጥሪ መሊሱ ዘጋድድ ከምዝኾነ ተሓቢሩ።

ብሚኒስትሪ ሃገራዊ ምክልኻል ደቡብ ኮርያ ዝወጸአ ብሽኢሊ ዝተሰነየ ሓበሬታ ከም ዘመልክቶ፡ እቲ ንኽልቲኤን ሃገራት ከም ዶብ ኩይኑ ዝፈሊ ዝበረ መገዲ፡ ብዘባራዒ ነገር ተፈንጂሩ ዓጽዩ ብቶኪ ከዕብሎ'ኽዩ ዝርአ።

እቲ ተግባር፡ ሰሜን ኮርያ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ነቲ ከም ምልክት ምትሕግጋዝ ክልቲኤን ኮርያ ዝርአን ንኽልቲኤን ሃገራት ድማ ከም ዶብ ኩይኑ ምሉእ ብምሉእ ዝፈልን ዝበረ ጽርግያን መገዲ ባቡርን ከተዕንዎ ምዃና ድሕሪ ምግላጻ ሰዓብ'ዩ ተፈጺሙ።

ሰሜን ኮርያ፡ እቲ ስጉምቲ ርእሰ ምክልኻል ናይ'ቲ ኪጋጥም ዝኽእል ኩናት፡ ከም'ኡ'ውን ግብረ-መልሲ ናይ'ቲ ብደቡብ ኮርያ ዝቀደድ ዘሎ ልምምድ ኩናትን ዘቋርጽ ወተሃደራዊ ህላወ ኣመሪካን ከምዝኾነ ኣፍሊጣ።

ሰራዊት ደቡብ ኮርያ ነቲ ምፍንጃራት ሰዒቡ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ ንሱ'ውን ሓይሉ ንምርኣይ ነቲ ብወገኑ ዝበረ ጽርግያ ወይ ዶብ ከምዝሃወጾ፡ ኣብ ልዕሊ ሰሜን ኮርያ ምክትታሉ ኣዕብዩ ከምዝርከበን ገሊጹ።



## ደሴት ታይዋን ንቻይና ትኸሰስ

ነፈርቲ ወግእ ቻይና፡ ሰፊሕ ወተሃደራዊ ልምምድ ኣብ ዘካይዳሉ ዝበራ ህሞት፡ ናብ ክሊ ኣየር ደሴት ታይዋን በሰሪን ከምዝኣተዋ፡ ሚኒስተር ምክልኻል ታይዋን ከሰሰ።

እቲ ሚኒስተር፡ ሰለስ ወጋሕታ ሰዓት ሽዱሽተ፡ 153 ነፈርቲ ወግእ ቻይና ኣብ ከባቢ ክሊ ኣየር ደሴት ታይዋን ከምዝተራእያ ብምግላጽ፡ ካብኡን እተን 90 ናብ ውሽጢ ክሊ ኣየር ደሴት ታይዋን ከምዝኣተዋ ሓቢሩ።

ቻይና፡ ዕላማ ናይ'ቲ ዘካየደቶ ናይ ሓደ መዓልቲ ወተሃደራዊ ልምምድ፡ ንታይዋን ካብ ቻይና ንምፍላይ



ንዘጽዕቱ ወገናት መጠንቀቕታ ንምትሕልላፍ ምዃኑ ኣፍሊጣ ኣሎ።

ታይዋን ብወገኣ፡ ነቲ ቻይና ዘካየደቶ መናውራታት ዝመጣጠን ግብረ-መልሲ ከምዝሃበት ብምሕባር፡ ወሰናስን ደብታ ኣብ ትሕቲ ልዑል ተጠንቀቕን ሓለዋን ክጸንሕ ትእዛዝ ኣመሓላሊፋ ኣላ።

ቻይና ኣብ'ቲ ብውልቃ ዘካየደቶ ሓያል ወተሃደራዊ መናውራታት፡ ቀጽረን ዘይተነጸረ ነፈርቲ ወግእ፡ ድሮናት፡ መራኽብ ወግእን መራኽብ ሓለዋ ባሕርን ከምዝዋፈረት'ዩ ዝግለጽ።

እቲ ተርእዮ፡ ኣብ ደሴት ታይዋንን ኣብ'ቲ ዞባን ናይ ኩናት ሃዋህው ዘኮልዕ ምዃኑ ብዙሓት ወገናት ስክፍታታቶም ይገልጹ ኣለዉ።

## ኢጣልያ፡ ብድሕነት ናይቶም ኣብ ሊባኖስ ዝርከቡ ወተሃደራታ ትሻቐል

ቀዳመይቲ ሚኒስተር ኢጣልያ - ጆርጃያ መሎኒ፡ ኣካል ዓቃብቲ ሰላም ሰራዊት ሕቡራት ሃገራት ኩይኖም ኣብ ሊባኖስ ተዋፊሮም ዘለዉ ወተሃደራታ ድሕነቶም ክረጋገጽ ጠሊባ።

እታ መራሒት መንግስቲ ዝኢ ጠለብ'ዚ ተቐሪባ ዘላ፡ ኣብታ ዓረባዊት ሃገር ተዋፊሮም ዝርከቡ ወተሃደራት ሕቡራት ሃገራት፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ መንጎ እስራኤልን ሕዝቦላህን ዝቀደድ ዘሎ ጉንጺ፡ ግዳይ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ይኾኑ ከምዘለዉ ኣብ ዝገለጸሉ ዘሎ እዋን'ዩ።



ኣብ ደቡባዊ ሊባኖስ ዝርከብ ሓያለ መዓስከራት ናይ'ቶም ዓቀብቲ ሰላም ብኸቢድ ብረት ምድብዓቡ ዘኻቕለ ባይቶ ጸጥታ ሕቡራት ሃገራት፡ ሰሞ ናይ ዝኾኑ ወገን ከይጠቕዑ፡ ጸጥታን ድሕነትን ናይ'ቶም ዓቀብቲ-ሰላም ክረጋገጽ ዝሓለፈ ሰሙይ ጸዊዑ ነይሩ።

ጆርጃ መሎኒ ግን ሰሞ እስራኤል ብምጥቃስ፡ "ተግባራት ሓይልታት እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ፍጹም ዘይፍትሓዊ ምዃኑ ኢና እንኣምን" ድሕሪ ምባል፡ እቲ ዘካይዱዎ ዘለዉ ኩናት ነቲ ኣብ መንጎ ሕዝቦላህን እስራኤልን ተጻቢኡ ደው ክበል ዝጠልብ ውሳኔ ሕቡራት ሃገራት ብቐሊሉ ዝጥሕስ ምዃኑ ኣስሚራትሉ።

ንሱ፡ ኣብቲ ናብ ላዕለዋይ ባይቶ ኢጣልያ (ሴኔት) ዝሃቦቶ መብርሂ ብዝወሃቦ፡ እስራኤል ኣብ ሊባኖስ ወተሃደራዊ ዕንደራ ተካየድ ከምዘላ ብምጥቃሳ፡ እዚ ዕንደራ'ዚ ደው ክበል ንእስራኤላዊ መዘናኣ በንያሚን ኔታንያሁ ብዋግኢ ከምዝሓበረቶ ኣፍሊጣ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ናብ ሊባኖስ ምብጻሕ ክትፍጽም መደብ ከምዘለዋ ሓቢራ።

ቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ኔታንያሁ ብወገኑ ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ወተሃደራቱ ንመዓስከራት ዓቃብቲ ሰላም ሰራዊት ሕቡራት ሃገራት ደይመደይ ኣሉ ከምዘጥቀዑ ብምግላጽ፡ እቲ ዓቃብ ሰላም ሰራዊት ካብ ሊባኖስ ጠቕሊሉ ክወጽእ ጸዊዑ።

ጸብጻባት ከምዝሕብሩዎ፡ ኢጣልያ ኣብ ሊባኖስ - ኣብ ተልእኾ ምዕቃብ ሰላምን ንሓይልታት መንግስቲ ሊባኖስ ኣብ ምስልጣንን ዝተዋፈሩ ልዕሊ ሓደ ሽሕ ወተሃደራት ኣለዉዋ።

## ስዑዲ ዓረብ ኣብ ዓለም ዝነውሐ ግምቢ ትሃንጽ

ኣብ ወደባዊት ከተማ ጅዳ - ስዑዲ-ዓረብ ዝተጀመረ መስርሕ ህንጻት ናይ ዓለምና ዝነውሐ ግምቢ፡ ንሓያለ ዓመታት ኣቋሪጹ ድሕሪ ምጽናሕ ዳግማይ ከምዝቐጸለ ተሓቢሩ።



እቲ ምስ ተዛዘመ ሓደ ሽሕ ሜትሮ ቁመት ክህሉዎ ምዃኑ ዝንገረሉ ዘሎ ሰማይ-ጠቀስ ህንጻ፡ መስርሕ ህንጻቱ ልዕሊ 35% በጺሑ ኣብ ዝበረሉ እዋን'ዩ ኣብ 2017 ተቛሪጹ።

ጠንቂ መቋረጺኡ ድማ፡ ምስ'ቶም ሽዑ ብመንግስቲ ንግስነት ስዑድያ ዝተኣሰሩ ኮንትራክተራትን መወልቲን ናይቲ ፕሮጀክት ዝርከቡዎም ሓያለ ፍሉጣት ሰብ-ሃብቲን ሰበ-ስልጣንን መንግስቲን ከምዝተኣሳሰር፡ ጸብጻባት የመልክቱ።

እቶም ፍሉጣት ሰባት፡ ወራሲ-ዓራት ልኡል መሓመድ ቢን ሳልማን ብዘጠጠሮ ዘመተ ጸረ-ብልሽውና መሰረት'ዮም ብብልሽውና ተጠርጢሮም ዝተቐየዱ።

እቲ ዝህነጽ ዘሎ ሰማይ-ጠቀስ ህንጻ፡ ምስ ተዛዘመ 157 ደርቢታት ክህሉዎ እዩ። ኣብ'ዚ እዋን'ዚ መስርሕ ህንጻቱ ኣብ 63 ደርቢ በጺሑ ከምዘሎ፡ እቲ ዝተረፈ ደርቢታት ድማ ክሳብ 2028 ኣብ ዘሎ ግዜ ክውዳእ መደብ ተታሒዙሉ ምህላዉ ይግለጽ።

እቲ 'ጅዳ ታወር' ብዝብል ስም ዝጽዋዕ ህንጻ፡ መስርሕ ህንጻቱ ብውሕዱ 1.2 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ክሓትት ምዃኑ'ውን ይሕበር።

## ኢራን፡ ንእገዳታት ሕብረት ኤውሮጳን ብሪጣንያን ትኹንን

ኢራን፡ ሕብረት ኤውሮጳን ብሪጣንያን ኣብ ልዕሊኣ ዝጸደቑዎ ሓደሽ ማዕቀባት ብትሪ ከምዝኾነኑቶ ኣፍሊጣ።

ኣፈኛ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ'ታ ሃገር ትማሊ ሰሉስ ብመርበብ ሓበሬታ 'ኤክስ' ኣብ ዝዘርገሖ ሓበሬታ፡ "ገለ ሃገራት ኤውሮጳን ብሪጣንያን፡ ኢራን ኣብቲ ኣብ መንጎ ሩሲያን ዩክሬንን ዝቐጸል ዘሎ ግጭት ወተሃደራዊ ምትእትታው ትገብር ከምዘላ ዘመልክት መርትዖ ዘይብሉ ክሲ ኣቕሪበን። እዚ ግን ፍጹም ሓሶት ምዃኑ ዝተረጋገጸ እዩ" ክብል ገሊጹ።

እቲ ኣፈኛ ወሲኹ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ብሪጣንያን ኣብ ልዕሊ ኢራናውያን ውልቀሰባትን ትካላትን ኣጽዲቐሞ ዘለዉ ሓደሽ እገዳታት፡ ንኣህጉራዊ ሕጊ ብቐሊሉ ዝጻረር ምዃኑ'ውን ኣመልኪቱ።

ሮይተርስ ከምዝሓበሮ፡ ሕብረት ኤውሮጳን ብሪጣንያን "ኢራን ንሩሲያ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ልኢኻትላ" ዝብል ክሲ ድሕሪ ምቕራብ'የን ነታ ሃገር ብማዕቀብ ክቐጽዓኣ ወሲነን።

በዚ መሰረት ድማ፡ ኣብ ምስግጋር እቲ ባለስቲካዊ ሚሳይላት ኢድ ከምዘለዎም ኣብ ልዕሊ ዝገለጸኦም ሸውዓተ ኢራናውያን ውልቀሰባትን፡ መንገዲ-ኣየር ኢራን ዝርከቦም ሸውዓተ ትካላትን ማዕቀብ ኣጽዲቐን ኣለዋ።

ሃገራት ኤውሮጳ ዝኢ ስጉምቲ'ዚ ዝወሰዳ ዘለዋ፡ ሩሲያ ካብ ኢራን ባለስቲካዊ ሚሳይላት ከምእተቐበለት ዘረጋግጽ ስለያዊ ሓበሬታ ከምዝረኸባት እትሕብር ኣመሪካ ነቲ ሓበሬታ ዝሓለፈ ወርሒ ነተን 'መሻርኽተይ' እትብለን ሃገራት ኤውሮጳ ከምዝካፈለተን ድሕሪ ምግላጻ እዩ።



ተረኛ ፋርማሲ
ቤት መሸጣ መድሃኒት መረብ

ዕለት
16/10/2024

ጎደና
ጎደና ዓይገት ቁ.ገዛ 17፡ ከባቢ ሲኒማ ሓማሴን

ቁ.ስልኪ
123690

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565